

# እንጌራ ህይወት

4

ኢየሱስ በሎም፡ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ።
ናባይ ዝመጽእ ኣይጠምን፡
ብኣይ ዝኣምን ከኣ ከቶ ኣይጸምእን ኢዩ። ( ዮሃ 6:35 )

# ትሕዝቶ

ትንሳኤ ካብ ምውት ግብሪ 3

ሓደ ሰብ መንፈሳዊ ሞት ድዩ ዘለዎ ወይስ መንፈሳዊ ህይወት ክፈልጥ እንተደልዩ፣ ብዓይኒ ናቱ ዘይኮነስ፣ ንህይወቱ ብዓይኒ ኣምላኽ ክርእያ ይግባእ።

እዝኒ ዘለዎ ይስማዕ 7

እቲ ዚስዕር ግን ናይቲ ብጽእና ተኻፋሊ ይኸውን፣ ንክርስትያን ንኽስዕርዎ ከም ጸላእቲ ዝተላዕልዎ ሓያላት ተቓወምቲ ኣለው።

ዝዝከር ፍቕሪ 16

ብምድራዊ ዘይኮነስ ብሰማያዊ ሸውሃት ዝናበር ህይወት እናረኣየት፣ ብተራ፣ እንተበላዕካዮ ብዘይትወስኸሉ፣ እንተዘይበላዕካዮ ብዘይትንክየሉ ምግቢ ጌርካ ፍቕርኻ ምግላጽ ጥበራ ጥራይ ኮይኑ ተሰሚዕዋ ኣሎ።

ህይወት ዘጥረየ ሞት 23

ኣብ መስቀል ሰቒሎም መጺጽ እናስተይዎን እናላገጹሉን ከለው ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ይቕረ በለሎም ብምባል ለመነ

## ለበዋ

ክምለሰልኩም እትደልይዎ ሕቶ፣ ከተቕርብዎ እትደልዩ ርእይቶ፣ ክትውፍይዎ እትደልዩ ኣበርክቶ፣ እንተልዩ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩ ኣላቦ።

ኣድራሻ፡-
ዶ/ር ተኽለኣብ መንግስተኣብ
ቁ.ሳ.ፓ. 1966
ኣስመራ-ኤርትራ

## ኣሰናዳኢ
## ዶ/ር ተኽለኣብ መንግስተኣብ

ብሓልዮት መካነ ህይወት መድሃኔ ዓለም ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ትምህርቲ ሰንበት ዝዳሎ መጽሄት

## ዕላማ

እዛ መጽሄት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ዝርከብ ኣርእስትታት ትምህርታዊ ብዝኾነ መልክዕ በብሓደ እናጸሓፍካ፣ ኣብ ቤተክርስትያን ይኹን፣ ኣብ ኣባይትና ብውልቂ ይኹን ብሕብረት ደረጃ ኣብ ዝግበር መጽናዕትታት ከም ሓጋዚ ማተርያል ኮይና ምእንቲ ከተገልግል ተባሂላ ዝተዳለወት መጽሄት እያ።

<u>መተሓሳሰቢ</u>

ስም ናይ ጸሓፊ ኣብ ትሕቲ እቲ ኣርእስቲ እንተዘይተጻሕፈ ብኣሰናዳኢ ናይዛ መጽሄት ዝተጻሕፈ ምኳኑ እሕብር።

# ትንሳኤ ካብ ምውት ግብሪ ናብ ትንሳኤ ምስ ክርስቶስ

"ምትና ንሞቱ መሲሉ ሕቡራቱ እንተኼንናስ ከምኡ ኸአ ብትንሳኤ ክንሓብሮ ኢና።"

ንክርስትና ካብ ዝኾነ ይኹን ካልእ እምነት ዝፈልዮ፡ ብዛዕባ ትንሳኤ ብዘለዎ ፍሉይ እምነት እዩ። ትንሳኤ ናይ ክርስቶስን ናይ ክርስትያናትን ዘየማእከለ ክርስትና ትርጉም የብሉን። ስለዚ ከአ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ "ኣብዛ ህይወት እዚኣ ጥራይ ብክርስቶስ ተስፋ እንተገበርናስ ካብ ኩሉ ሰብ እንደንግጽ ምኾንና ኔርና" ዝበለ (1ቆረ፡15፡19)። ክርስቶስን ክርስትያናትን ዘድንገጸሉ ዘይኮኑስ ብድንጋጸ ዝተመልኡ ለዋሃት ዝገብሮም እዚ ሓቂ እዚ ኣብኣቶም ስለዘሎ ጥራይ እዩ። ጐይታ መስቀሉ ጸይሩ ክስቀል ክኸይድ ከሎ፡ ኣንስቲ የሩሳሌም ብድንጋጸ ኣልቀሰናሉ። ጐይታ ግን ነዚ ድንጋጸ እዚ ኣይተቐበሎን። ግልጽ ኢሉ ንርእስኽንን ንደቅኽንን ብኽያን ደንግጻን ኢልወን። ክርስቶስ ጽቡቕ መፈጸምታን ትንሳኤን ዘለዎ



ኣብርሃም ንይስሃቅ ወዱ ክሰውኦ ፍቓደኛ ዝኾነ፡ ብዘይ ምኽንያት ኣይነበረን። ነቲ ሽዑ ንሱ ዝፍጽሞ ዝነበረ ዘይንቡር መስዋእቲ ዘይኮነስ፡ ነቲ ዳሕራይ ዝፍጸም፡ ንዝእዘዝዎ ዝተዳለወ ንቡር ትንሳኤ ስለዘማዕደወ ጥራይ እዩ።

ዝድንግጽ ጐይታ ደኣ እምበር ዝድንገጸሉ ኣይኮነን። ጳውሎስ ንሰብ ተሰሎንቄ ብዘይ'ዚ ሓቂ ክኾኑ ከምዘይፈትወሎም ገሊጹ። "ግናኸ ኣሕዋተይ፡ ከምቶም ተስፋ ዘይብሎም ካልኦት ምእንቲ ከይትሓዝኑ፡ ብዛዕባ እቶም ደቂሶም ዘለው፡ ብዘይፍልጠት ክትኮኑ ኣይፈቱን እየ። ማለት ኢየሱስ ከም ዝሞተን ከም ዝተንስአን ኣሚንና እንተ'ኼንና፡ ከምኡ'ውን ኣምላኽ ነቶም ምስ ኢየሱስ ዝደቀሱ ምስኡ ከምጽኦም እዩ።" ኢሉ ጽሒፉሎም (1ተሰ፡4፡ 13,14)። ኣብ ዘመን ኦሪት ዝነበሩ ቅዱሳን ከይተረፉ ኣብዚ ሓቂ እዚ ዝተመስረተ ህይወት ከምዝነበሮም ቃል መጽሓፍ ቅዱስ የረጋግጸልና እዩ። ኣብርሃም ንይስሃቅ ወዱ ክሰውኦ ፍቓደኛ ዝኾነ፡ ብዘይ ምኽንያት ኣይነበረን። ነቲ ሽዑ ንሱ ዝፍጽሞ ዝነበረ ዘይንቡር መስዋእቲ ዘይኮነስ፡ ነቲ ዳሕራይ ዝፍጸም፡ ንዝእዘዝዎ ዝተዳለወ ንቡር ትንሳኤ ስለዘማዕደወ ጥራይ እዩ። ኣብ እብ፡11፡17-19 "...... ኣምላኽ ካብ ምውታት ድማ ከተንስኦ ከም ዝከኣሎ ሓሲቡ፡ ካብኡ'ውን ብምሳሌ መሊሱ ረኸቦ።" ይብለና። ኣልኣዛር ሞይቱ ራብዕቲ ኣብ ዝገበረሉ እዋን፡ ክትንስእ እዩ ኢሉ ዝሓሰበ ኣይነበረን። ጐይታ ምስ መጸ ግና ናይ ትንሳኤ ሓሳብ ኣብ ኣእምሮ ማርታ ቀልጢፉ ተሳእለ። በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ክትንስእ ምኺኑ ተኣሚና። ጐይታ ንኽተንስእ ቀዳመይቲ ወይ'ውን ዳሕረይቲ መዓልቲ ክብል ኣየድልዮን እዩ።

***ትንሳኤ ናይ ክርስቶስን ናይ ክርስትያናትን ዘየማእከለ ክርስትና ትርጉም የብሉን።***

ብዘመን ትንሳኤ ዘይትንስእ ሰብ ከምዘይህሉ ኣርጊጽና ካብ ፈለጥና፡ ኣስዒብና ክንሓቶ ዝግበኣና ቀንዲ ሕቶ ኣሎ። ንሱ ከኣ "ድሕሪ ትንሳኤ ቦታና ኣበይ እዩ፧" ዝብል ሕቶ እዩ። ገሊኡ ናብ ሓጎስ ገሊኡ ከኣ ናብ ስቓይ ክትንስእ እዩ። ከምቲ ንትንሳኤ ዝናፍቓ ሰብ ዘሎ፡ ብኣንጻሩ ገሊኡ ሰብ ዘይምትንሳእ ዝሕሾ ክህሉ እዩ። ምኽንያቱ፡ ካብታ ብሓውን ብምሕርቃም ስንን ዝነብራ ናይ ስቓይ ቦታ፡ እታ ናይ መቓብር ናብራ ኣዝያ ስለእትሕሾ እዩ። ክቡር ኣንባቢ፡ ንስኻ ምስ እትትንስእ ኣበይ ምኣተኻ፧ እዚ ሕቶ እዚ ንኽትምልስ ግድን ክሳብ እቲ ናይ ትንሳኤ ጊዜ ክትጸንሕ ኣየድልየካን እዩ። ሕጂ ኣብዛ ዘለኻያ ሰዓት ቦታኻ ክትፈልጥ ዝከኣል እዩ። እታ ቦታኻ እንተፈሊጥካያ ንትንሳኤ ወይ ክትብህጋ ወይ'ውን ዘይክትብህጋ ትኽእል ኢኻ።

ክልተ ዓይነት ሞት ከምዘሎ፡

ክልተ ዓይነት ትንሳኤ ከአ ኣሎ። እቲ ቀዳማይ ሞት መንፈሳዊ ሞት እዩ። እዚ መንፈሳዊ ሞት እዚ ዋላ ብስጋ ብህይወት ከለኻ ክትሞቶ እትኽእል ሞት እዩ። ዋላ ብመንፈስ ብህይወት ዘለኻ እናመሰለካ እኳ፡ መንፈሳዊ ሞት ዝሞትካ ክትከውን ትኽእል። ከምቲ ንመራሒ ናይ ሳርዴስ ቤተክርስትያን "እነ ንግብርኻ እፈልጦ ኣለኹ ህያው ተባሂልካ ትስመ ኣሎኻ ግናኸ ምውት ኢኻ።" ዝተባህለሉ፡ ንሕና ንገዛእ ርእስና ኮነ፡ ሰባትውን ንዓና ህያው እናበሉና ከለው፡ ኣምላኽ ብመንፈስና ከም ምውታት ክፈልጠና ይከኣል እዩ (ራእ፡3፡1,2)። ህያው ግብሪ ዘለዎ ጥራይ እዩ ብመንፈሱ ህያው ክኸውን ዝኽእል። እቲ ብምውት ግብሪ ዝመላለስ ከኣ ብመንፈሱ ምውት እዩ። ስለዚ ሓደ ሰብ መንፈሳዊ ሞት ድዩ ዘለዎ ወይስ

ከምቲ ንትንሳኤ
ዝናፍቖ ሰብ ዘሎ፡
ብኣንጻሩ ገሊኡ ሰብ
ዘይምትንሳእ ዝሕሾ
ክህሉ እዩ።

መንፈሳዊ ህይወት ክፈልጥ እንተደልዩ፡ ብዓይኒ ናቱ ዘይኮነስ፡ ንህይወቱ ብዓይኒ ኣምላኽ ክርእዮ ይግብኦ።

እቲ ካልኣይ ዓይነት ሞት ከኣ እቲ ብስጋ እንሞቶ ናብ መቓብር ዘመርሓና ሞት እዩ። እዚ ዓይነት ሞት እዚ ብሰንኪ ኣዳማዊ ሓጢኣት ዝመጸ ሞት እዩ። እዚ ሞት እዚ እንስሳታት እኳ ይሞትዎ እዮም። እቶም ብመንፈስ ህያዋን ዝኾኑ ሰባት ነዚ ናይ ስጋ ሞት፡ ከም ድቃስን ከም ምቕንጣጥ ድንኪንን እዮም ዝርድእዎ። ብፍላይ እቶም ኣብዛ ምድራዊት ህይወቶም ክፍጽምዎ ዝግብኦም ኩሉ ፈጺሞም ዝወድኡ ኩሎም፡ ነዛ ናይ ስጋ ሞት ይብህግዋ እዮም። ናብ ዝሓሸን ዝዓበየን ህይወት እተሰጋግር ድልድል ጌሮም ይርእይዋ። ከም ረብሓ እምበር ከም ወጽዓ ክርእይዋ ኣይኮኑሉምን እዩ። እቶም ነታ እትመጽእ ህይወት ዘይተዳለው፡ ብታ እትመጽእ ትንሳኤ ዝጉድኡ ደኣ እምበር ዘይጥቀሙ ሰባት ግን ነዛ ናይ ስጋ ሞት ከም ጉድ ይፈርህዋ።

ስለዚ ኣብዛ ምድራዊት ህይወቱ ካብ ምውት ግብሪ ተንሲኡ ብህያው ግብሪ ዝነብር ሰብ፡ ብታ ዳሕረይቲ ትንሳኤ ናብ ዓብይ ሓጎስ ክኣቱ እዩ። ዓስቢ ናይቲ ብስውር ኮነ ብግህዶ ዝገበሮ ሰናይ ግብሪ፡ ብትንሳኤ ጻድቃን ክፍደ እዩ። ነቶም ኣብዛ ዓለም ከለው፡ ንዝጸገሞም ሰባት ክርህውሎምን ክረድእምዎን ንዝተረኸቡ ኩሎም፡ ጐይታ ኣብታ ካልኣይቲ ትንሳኤ "ኣቲም ናይ

> ***ክርስቶስን ክርስትያናትን ዝድንገጸሎም ዘይኮኑስ ብድንጋጸ ዝተመልኡ ለዋሃት ዝገብሮም እዚ ሓቂ እዚ ኣብኣቶም ስለዘሎ ጥራይ እዩ።***

ኣቦይ ብሩኻት፡ ንዑ፡ እቲ ካብ ምስራት ዓለም እተዳለወልኩም መንግስቲ ውረሱ።" እናበለ ናብ ሓጎስ ጐይትኡ ከእትዎም እዩ (ማቴ፡25፡31-46)። ብሰናይ ግብሪ ዝሃብተምና ሰባት ክንከውን፡ ካብ ገዛእ ርእስና ክንፍጽሞ ኣይከኣለናን እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ስጋና ሰናይ ክምዘየልቦ ቃል እግዚኣብሄርን ተሞክሮናን ኣረጋጊጹልና እዩ (ሮሜ፡7፡18,19፤ 1ቆረ፡15፡50)። ስለዚ ከኣ እዩ ዳዊት "ንእግዚኣብሄር ንስኻ ጐይታይ ኢኻ፡ ብዘይ ንስኻስ ሰናይ የብለይን፡ ኢለዮ።" ዝበለና (መዝ፡16፡2)። ሰናይና ምእንቲ ክዓዝዝ፡ ኣብ ርስቲ ቅዱሳን ከኣ ግደ ምእንቲ ክህልወና፡ ኣብቲ ሰናይን ሰናይ ዝገብርን ኣምላኽ ክንጸንዕ ይግብኣና። "መንገዲ ሰብ ካብ ርእሱ ከምዘይኮነ፡ እቲ ዝመላለስ'ውን ስጕሜኡ ከቕንዕ ዓቕሚ ከምዘይብሉ እፈልጥ ኣለኹ" ዝበል ከም ዝተጻሕፈ፡ ንሕና ነዚ ሓቂ እዚ ተኣሚንና ናብቲ ስጉምትና ኣቕኒዑ፡ ናብ ትንሳኤ ጻድቃን ክበጽሓና ዝኽእል ኣምላኽ፡ ገጽና ክንመልስ ይግብኣና (ኤር፡10፡23)።

ጐይታ፡ ንብዙሓት ዝተኣመንዎ ሰባት ናብ ጽድቂ ኣብጺሑ እዩ። በዓል ጳውሎስ "ይዋእ ኣነ ምግዱር ሰብ፡ ካብዚ ናይ ሞት ስጋ መን ኮን ከድሕነኒ እዩ፧" ኢሎም ኣብ ዝገዓርሉ ጊዜ፡ ንምረቶም ከም ቅጽበት ዓይኒ ናብ ምስጋና ዝለወጠ ኣምላኽ እዩ (ሮሜ፡7፡24,25)። ጳውሎስ ባዕሉ ንሰብ ኤፌሶን "ንስኻትኩም ቀደም ከም ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ፡ ከምቲ መንፈሱ ሕጂ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ዝገብር ዘሎ ሓለቓ ስልጣን ኣየር ዝተመላለስኩም፡ ብበደልኩምን ብኣበሳኹምን ምውታት ዝነበርኩም ንኣኻትኹም ህያዋን ገበረኩም። ንሕና ኩላትና ከኣ ነቲ ናይ ስጋን ናይ ሓሳባትን ድሌት እናገበርና፡ ቀደም ብትምኒት ስጋና ምሳታቶም ንነብር ነበርና። ከምቶም ካልኦት ብባህርይና ደቂ ቁጥዓ ነበርና። ግናኸ እቲ ብምሕረት ሃብታም ዝኾነ ኣምላኽ፡ ምእንቲ እታ ብእኣ ዘፍቀረና ዓባይ ፍቕሩ፡ ንኣና፡ ብበደልና ምውታት ክሎናስ፡ ምስ ክርስቶስ ህያዋን ገበረና።" ኢልዎም ኣሎ(ኤፌ፡2፡1-5)።

ክቡር ክርስትያን ከምኡ ድማ ንስኻ ካብ ሓጢኣት ከም ዝሞትካ፡ ብክርስቶስ ኢየሱስ ግና ንኣምላኽ ህያው ከምዝኾንካ፡ ርእስኻ ቁጸር። ንትምኒቱ ክይትእዘዝ ኣብዚ መዋቲ ስጋኻ ሓጢኣት

ኣይንገስ። ከም ሞይቱ ዝተንስአ ርእስኻ ንኣምላኽ ወፍይ እምበር፡ ንኣካላትካ ኣጽዋር ዓመጻ ንሓጢኣት ኣይትግበሮ። ንኣካልካስ፡ ኣጽዋር ጽድቂ ንኣምላኽ ደኣ ግበሮ (ሮሜ፡6፡11-14)። ክርስቶስ፡ ሓንሳእን ንኹሉ ጊዜን ካብ ሓጢኣት ሞይቱ፡ ህይወቱ ግና ንኣምላኽ እዩ ዝነብር። ከምኡ ድማ ሞትካ ንሞቱ መሲሉ ሕቡር ናቱ እንተኾንካስ፡ ከምኡ ከኣ ብትንሳኤኡ ክትሓብሮ ኢኻ (ሮሜ፡6፡5,10)። ክርስቶስ ከኣ ንሓጢኣት መዊትካስ ንጽድቂ ምእንቲ ክትነብር ኢሉ ከምዝሞተልካ ክትዝክር ይግብኣካ (1ጴጥ፡2፡24)። ጐይታ ከኣ ነቲ ብእኡ ዝኣምን ዘበለ ናይ ዘልኣለም ህይወት ክህብን በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ከተንስኦን ፍቓዱን ፍቓድ ኣቡኡ ምዃኑ ገሊጹልና እዩ (ዮሃ፡6፡39,40)።

እቲ ሕያዋይ ኣቦ፡ ነቲ ጥፉእ ወዱ ናብኡ ገጹ ክምለስ ምስ ረኣዮ "ወደይ ሞይቱ ነይሩ ተንሲኡ፡ ጠፊኡ ነይሩ ከኣ ተረኺቡ።" ኢልዎ። ካብቲ ኣቦና እንተጠፊእና፡ ትና ከም ዘለና፡ ናብኡ ብምምላስ ጥራይ ክንትንስእ ከም እንኽእል ክንፈልጥ ንኽእል። ብዘመን ነብዩ ህዝቅኤል፡ ህዝቢ እስራኤል "ዓጽጽምትና ነቒጹ፡ ተስፋና ተቐቢጹ፡ ንሕና ጠፊእና ኢና፡ ኣኺሉና እዩ" ኢሎም ነበሩ። እዚ ቅብጸት እዚ ካብቲ ምጥፋእ ዝኸፍአ እዩ። ስለዚ ከኣ ንህዝቅኤል ራእይ ኣርእዩ ንተስፋ እስራኤል ክመልስ ተራእዩ። እቲ ነቒጹን ፉሕ ኢሉን ዝነበረ ኣዕጽምቲ ምእንቲ ህይወት ረኺቡ ክትንስእ፡ በቲ ነብዩ ጌሩ

> እቶም ነታ እትመጽእ ህይወት ዘይተዳለው፡ በታ እትመጽእ ትንሳኤ ዝጉድኡ ደኣ እምበር ዘይጥቀሙ ሰባት ነዛ ናይ ስጋ ሞት ከም ጉድ ይፈርህዋ።

ተዛሪብዎ። ቃል እግዚኣብሄር(ትንቢት) ምስተነግረ፡ ደሃይ ኮነ፡ ፍኒሕኒሕ ኮነ፡ ዓጽሚ ናብ ዓጽሙ ተቐራረበ፡ ኩሉ ዘድሊ ተገሩሉ ድማ ተንስአ (ህዝ፡37፡1-14)። ስለዚ ተስፋ ዘይብልና፡ ካብ ምውት ግብርና ተንሲእና ብህያው ግብሪ ክንነብር ዘይንኽእል ኣብ ዝመሰለና ጊዜ እኳ፡ ኣምላኽ ንዓና ዝኸውን ተስፋ ኣለዎ። ናይ ክርስቶስ እንተኾንና ጥራይ እዩ፡ እዚ ተስፋ እዚ ዝህልወና። ከምቲ ቃል እግዚኣብሄር ዝገልጸልና ከኣ "እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ፡ ነቲ ስጋኦም ምስናይ ፍትወቱን ትምኒቱን ሰቒሎምዎ እዮም።" (ገላ፡5፡24)። ንሕና ከኣ ከም ናይ ክርስቶስ ሰባት መጠን፡ ፍትወትናን ትምኒትናን ኣብ መስቀል ሰቒልና፡ እቲ ክርስቶስ ንኽንረኽቦ ዝተተምነየልና ትምኒት ጥራይ ይሃልወና። ከምቲ ጐይታ ".....ኣብቲ ኣነ ዘለኹዎ፡ ንሳቶም'ውን

ኣብኡ ክህልው እደሊ ኣለኹ" ዝበሎ፡ ንሕና'ውን ነዚ ናይ ጐይታ ባህጊ ጥራይ ክንብህግ ይግበኣና። ምእንትዚ ከኣ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣካላትና ክንቀትል፡ ነቲ ኣረጊት ሰብ ምስ ግብሩ ቀንጢጥና፡ ነቲ ብመልክዕ ኣምላኽ ዝተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ክንለብስ ይግብኣና (ቈለ፡3፡5,9,10፣ ኤፌ፡4፡21-24)። እዚ ናይ ሕጂ ትንሳኤና ከኣ ናብ ዝሓሸን ዝዓበየን ካልኣይን ናይ መወዳእታን ትንሳኤ ከብቅዓና እዩ። "ኣብቲ ቀዳማይ ትንሳኤ ዕድል ዘለዎ ብጹእን ቅዱስን እዩ። ናይ ኣምላኽን ናይ ክርስቶስን ካህናት ክኾኑ፡ ምስኡ'ውን ሽሕ ዓመት ክነግሱ እዮም እምበር፡ እቲ ካልኣይ ሞት ኣብዚኣቶም ስልጣን የብሉን።" ኣሜን!!! (ራእ፡20፡6)።

ብበደልኩምን ብኣበሳኹምን
ምውታት ዝነበርኩም
ንኣኻትኩም ህያዋን
ገበረኩም።

ክቡር ኣንባቢ እግዚኣብሄር ካብ መጀመርታ ጀሚሩ "ኣዳም ኣበይ ኣሎኻ፡" እናበለ ይጽውዕ ኣሎ። እዚ ጸውዒት እዚ ንስኻ ውሉዱ ምእንቲ ክትከውን እዩ። ነዚ ጸውዒት እዚ ዝባንካ ሂብካ እንተ ዘይተቐበልካዮ ሓንቲ መዓልቲ ንስኻ ጸዊዕካ ዘይትስመዓሉ ጊዜ ክመጽእ እዩ እሞ ንነፍስኻ ክትምርምራ ይግብኣካ'ዩ። ስለዚ ድምጺ እግዚኣብሄር ሰሚዕካ፡ ካብ ምውት ግብሪ ተንሲእካ፡ ኣስኣሰሩ ስዒብካ ናብ ዘልኣለም ሓጎስ ምእንቲ ክትኣቱ፡ ሕጂ ህይወትካ ንኣምላኽ ክትውፊ ሓጢኣተኛ ምዃንካ ተኣሚንካ ብፍቓድ ኣምላኽ ንኽትመላለስ ክትውስን ጐይታ ይምዕደካ ኣሎ።

ክቡር ኣንባቢ፡
ንስኻ ምስ እትትንስእ
ኣበይ ምኣተኻ፡ እዚ ሕቶ
እዚ ንኽትምልስ ግድን
ክሳብ እቲ ናይ ትንሳኤ
ጊዜ ክትጸንሕ
ኣየድልየካን እዩ።

# እዝኒ ዘለዎ ይስማዕ!

## ራእ፡2፡1-7

ናብ ኤፌሶን ዝተላእከ መልእኽቲ
ራእ፡2፡1-7

"ናብ መልኣኽ ማሕበር ኤፌሶን ጽሓፍ፡ እቲ ኣብ የማናይ ኢዱ ሸብዓተ ከዋኽብቲ ዝሓዘ፡ ኣብ ማእከል እተን ሸብዓተ ቀዋምቲ ቀንዴል ወርቂውን ዚመላለስ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ግብርኻን ጻዕርኻን ትዕግስትኻን፡ ነቶም እኩያት ሰባትውን ክትጸሮም ከም ዘይከኣልካን፡ ነቶም ሃዋርያት ኢና ዚብሉ እሞ ዘይኮኑ፡ ተዐዚብካዮምሲ ሓሰውቲ ኰይኖም ከም ዝረኸብካዮምን፡ እፈልጥ ኣሎኹ። ትዕግስቲ ከኣ ኣሎካ፡ ስለ ስመይ ኢልካውን ተጻወርካ፡ ኣይሰልኬኻን። ግናኸ ነታ ቀዳመይቲ ፍቕርኻ ሓዲግካያ ኢኻ እሞ እዚ ረኺበልካ ኣሎኹ። እምብኣርሲ ካበይ ከም ዝወደቕካ ዘክር እሞ ተነሳሕ፡ ነቲ ቀዳማይ ግብረውን ግበሮ። እንተ ዘይኰንካ ክመጸካ፡ እንተ ዘይተነሳሕካውን፡ ነቲ ቀዋሚ ቀንዴል ካብቲ ስፍራኡ ከዝብሎ እየ። ግናኸ ነቲ ኣነውን ዝጸልኦ ዘሎኹ ግብሪ ኒቆላውያን ንስኻ ትጸልኦ ኢኻ እሞ እዚ ግዳ ኣሎካ። እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ። ነቲ ዚስዕር ካብታ ኣብ ገነት ኣምላኽ ዘላ ኦም ህይወት ኪበልዕ ክህቦ እየ።"

ካልኣይ ክፋል

ብዘመን ሃዋርያት፡ ኤፌሶን ናይ ሮማውያን ግዝኣት ዝኾነት፡ ናይ እስያ ሓፈሻዊ ግዝኣት ዋና ከተማ እያ ነይራ። ነታ ከተማ ዝመስረትዋ፡ ካብ ሃገር ግሪኽ ዝተሰደዱ ሰባት እዮም። ሃዋርያ ዮሃንስ ኣብ ዝነበረላ ዘመን፡ ከምኡውን ብሃብትን ብክብርን ውርይትን ምዕብልትን ዝኾነት ከተማ ብምዃና፡ ኣብታ ንእሽቶ እስያ እትበሃል ክፍለ ዓለም ዝወዳደራ ዘይብላ ከተማ ነበረት። ናይታ ከተማ ነባሪ ህዝቢ ካብ ዝተፈላለየ ብሄራትን ወገናትን ዝተረኽበ ክኸውን ከሎ፡ ኣይሁዳውያን እውን ብብዝሒ ኣብ ኤፌሶን ይነብሩ ነበሩ።

ብኣምልኾ፡ ኤፌሶን ኣብ እስያ ናይ ጣኦት ኣምልኾ ዋና ከተማ ብምዃና፡ ንክርስትያናት ኣስጋኢትን ኣጸጋሚትን ስፍራ እያ ነይራ። ናይቲ ዘመን እቲ ሰባት ንዘምልኽዋ "ኣርጤምስ" ወይ ከኣ "ዲያና" ንዝተባህለት ጣኦት ብኣሰራርሕኡ ግሩም ዝኾነ ቤተ መቕደስ ተሰሪሑላ ነበረ። ኣብ ናይ ዘመንና ናይ ኣርኪኦሎጂ ሊቃውንቲ፡ እቲ ቤተመቕደስ ዝነበረሉ ስፍራ ብምምርማር ናይቲ ህንጻ መልክዕ ኣዝዩ ዘገርም ከም ዝነበረ ክፈልጡ ክኢሎም ኣለዉ። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ናይ እስያ ክፍለ ዓለም ናይ ወንጌል ስራሕ ክሰርሕ ኣብ ዝደለየሉ እዋን፡ ንከተማ ኤፌሶን ከም ጊዝያዊ መንበሪ ይጥቀመላ ነበረ (ግብ 19)። ካብኡ ቀጺሉ ጢሞቴዎስ ኣብዛ



ንፉዕ ሰማዒ ምዃን ንክርስቲያን ዓብይ ነገር እዩ። ሰማዒ እዝኒ ዘለዎ፡ ኩሉ ግዜ ተስፋ ኣለዎ። እቲ ናቱ ጌጋ ኣዝዩ ዓብይ እንተኾነ እውን መንፈስ ቅዱስ ክእርሞ ይኽእል እዩ።

ከተማ እዚኣ ዓብይ ናይ ወንጌል ስራሕ ሰሪሑ እዩ (1ጢሞ፡1፡3)። ኣብ መወዳእታውን ወንጌላዊ ዮሃንስ ናብ ኤፌሶን መጺኡ ከም ናይታ ቤተክርስትያን መጋብን መራሕን ኮይኑ ክሳዕ ዕለተ ሞቱ ብናይ ወንጌል ስራሕ ኣዝዩ ኣገልገለ። እዛ ድምቕቲ ናይ ኤፌሶን ከተማ ክሳዕ እዚ ዘለናዮ ዘመን ኣይጸንሐትን። ካብ ገጽ ምድሪ ጠፊኣ እያ። እንተኾነ እቲ ስፍራ ፈጺሙ ሰብ ዘይነብሮ ኣይኮነን። ኣብዚ ዘመንና ደቂ ቱርኪ ዝነብርዋ ኣያስሉክ ዝተባህለት ንእሽቶ ከተማ ናይ ኤፌሶን ቦታ ወሪሳ ትርከብ። ካብ ግብ 20፡29-30 ከም እንርድኦ ሃዋርያ ጳውሎስ ገና ብህይወቱ ከሎን፡ ብፍላይ ድማ ብሞት ካብዚ ዓለም ድሕሪ ምፍላዩን፡ ብፍላይ ድማ ብሞት ካብዚ ዓለም እዚ ድሕሪ ምፍላዩን፡ ኣብ ኣይሁዳውነት ዝተመርከሱ ሓድሓደ ናይ ስሕተት ትምህርትታት ኣብ መንጎ ናይ ኤፌሶን ክርስትያናት ምስፍሕፍሑ ኣይተረፈን (1ጢሞ፡1፡3)።

ቁ.1፡- ኣብዚ መልእኽቲ እዚ ዝዛረብ ዘሎ ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ክኸውን ከሎ ኣብ ራእ፡1፡16 ከምኡውን ኣብ ራእ፡1፡13 ዝተጻሕፈ ቃል ብምድጋም መንነቱ ይገልጽ። ሸውዓቲኦን ከዋኽብቲ ኣብ ኢዱ እየን ማለት ንሳቶም እሙናት እንተኾይኖም ክሕልዎም፡ እንተኸሓድዎ ግና ክድርብዮም ይኽእል ማለት እዩ። ቀጺሉ ኣብ መንጎ ሸውዓቲኦን ቀንዴል ዝኸይድ እዩ ክበሃል ከሎ ቀንዴል ናይ ማሕበር ምእመናን ምሳሌ ከም ምዃኑ መጠን፡ ናይቲ መልእኽቲ ቃል ነቲ መራሒ ጥራይ ዘይኮነስ ነቶም ናይታ ቤተ ክርስትያን ኣባላት ንብምሉኦም ዝምልከት ምዃኑ የረድኣና። ርግጽ እዩ እቲ ናይ ቤተ ክርስትያን መልኣኽ ዝተባህለ ሰብ ናይቲ

ንክርስቶስ ዘለና ፍቕሪ እናዘሓለ ብዝኸደሉ መጠን ካልእ ዓይነት ፍቕሪ ኣብ ቦትኡ ይትካእ። ናይ ገንዘብ ፍቕሪ፡ ናይ ንብረት ፍቕሪ፡ ናይ ስልጣንን ክብርን ፍቕሪ፡ ከዚ ዝኣመሰለ ኩሉን ነቲ ናይ ክርስትያን ልቢ ክወርሶ ይኽእል።

ማሕበረ ምእመናን መራሒ ብምኳኑ ብናይታ ቤተክርስትያን ኩነታት ብሓላፍነት ዝሕተት እዩ። ይኹን ደኣ እምበር፡ ደሓር ኣብ ዝርዝር መጽናዕቲ ምስ ኣተና ከም እንርእዮ፡ እዘን መልእኽትታት ነቲ ናይታ ቤተክርስትያን መራሒ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ኩሉ ቦታ ንዝርከቡ ምእመናን ዝተላእካ ምኳነን ከነስተውዕል ኢና። ስለዚ ናብ ኤፌሶን ዝተላእከ መልእኽቲ ብፍላይ ነቲ ማሕበር መራሒ ዝትንክፍ እኳ እንተኾነ ብሓፈሽኡ ናይቲ ማሕበር ኩነታት ዝገልጽ እዩ።

ቁ.2-3፡- ድሕሪ'ቲ መእተዊ ቃል ኣስጓቡ "ግብርኻ እፈልጦ ኣለኹ" ኢሉ መልእኽቱ ይጅምር። ኢየሱስ ክርስቶስ ብዛዕባና ብዛዕባ ክርስትያናት ኩሉ ይፈልጥ እዩ። ልብን ኩላሊትን ዝምርምር ኣምላኽ እዩ። እንሰርሖ ስራሕ ኩሉ፡ እንሓስቦ ሓሳብ ኩሉ፡ ኣብ ውሽጢ ልብና ዝተሰወረ ነገር ኩሉ ኣብ ቅድሚ የዒንቱ ቅሉዕን ግሉጽን እዩ (እብ፡4፡13)።

ጕይታ ኣብ መንጎ ናይ ኤፌሶን ክርስትያናት እንታይን እንታይን እዩ ርእዩ፡ መጀመርታ ነቲ ማሕበርን ናይቲ ማሕበር መራሕን ብሓደሓደ ነገራት ከመስግን ወይ ክንእድ ጀመረ። እዞም ክርስትያናት እዚኦም ብዛዕባ ቃል እግዚኣብሄር ዝደኸሙን ብዙሕ ዝለፍዑን እዮም። ንቶም ክፉኣት ክዕገስዎም ኣይከኣሉን። ናይቲ ማሕበር ምእመናን ኣባላት ምስ መራሒኦም ከይዶም ብጥንቃቐ ናይ ቤተ ክርስትያን ተግሳጽ ይገብሩ ነበሩ። ብፍላይ ካብ ማእከሎም ዝኾነ ይኹን ዓይነት ጌጋ ንምርሓቕ ጥንቁቓት እዮም ነይሮም። ኣብቲ ጊዜ እቲ ኣብ መንጎ ክርስትያናት እናኣተው፡ ብሓሶት ናይ ሃዋርያ ስም ወሲዶም ዝሰብኩ ሰባት ነይሮም። ናይዞም ሰባት እዚኦም ሓሶት ግን ፈልዮም ፈሊጦምዎ ስለዝነበሩ ከምዝግባእ ተቓዊሞምዎም እዮም። እቶም ሰባት "ንሕና ሃዋርያት ኢና" ምባሎም፡ ብስም ክርስቶስ ዝመጻእና ንሕና ኢና ክብሉ ዝደለዩ ይመስል። እንተኾነ ብገዛእ ርእሶም ደኣ እምበር ብናይ ክርስቶስ ስም ዝመጹ ኣይነበሩን። ናይ ኤፌሶን ምእመናን ናይዞም ሰባት እዚኦም ጌጋ ብምፍላጥ ሰባት ንኸየታልሉ ኣድላዪ ጥንቃቐ ገይሮም እዮም።

እዚ ድማ ፍቓድ ኣምላኽ ምኳኑ ኣየጠራጥርን እዩ። ናብ ጌጋ ንዝመርሑ ሰባት ብሸለልትነት ምርኣይ፡ ስርሖም ከም ቀሊል ነገር ገርካ ምሕላፉ ናይ ጕይታ

ፍቓድ ኣይኮነን። ብትምህርቱን በካይድኡን ካብ እግዚኣብሄር ተፈልዩ ዝርከብ ኩሉ ኣብ ማእከል ምእመናን ንስም እግዚኣብሄር እዩ ዘጽርፍ።

ናይ ኤፌሶን ቤተ ክርስትያን ሰባት፣ ናይ ሓሶት ትምህርቲ ወይ ርኹስ ስራሕ ኣብ ማእከሎም ክይነብር ካብ ምክልኻል ኣይዓረፉን። ብሓጺሩ ኣብ ዕዮ ቤተ ክርስትያን ብዙሕ ትግሃት ኣርእዮም እዮም። ቁ.4፡- ኣብ መንጎ እዚ ኩሉ ግን ንኽቢድ ተግሳጽ ምኽንያት ዝኾነ ሓደ ነገር ተረኺብዎም ኔሩ፣ እዚ ከኣ፡- "እታ ቀዳመይቲ ፍቕርኻ ሓዲግካያ" ብዝብል ቃል ዝተጠቕሰ መንፈሳዊ ጉድለት እዩ። እቲ ቀዳማይ ፍቕሪ ብኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ኣመኑ ንጐይታ ዝነበሮም ፍቕሪ እዩ። ካብዚ ፍቕሪ እዚ ተፈልዮም እዮም። ፍቕሪ ክበሃል ከሎ ግን ኣብ ትርጉም ክንጋገ የብልናን። ናይ መጀመርታ ፍቕሪ ክበሃል ከሎ መጀመርታ ንክርስቶስ ክቕበል ወይ ክኣምን ከሎ ንዝስምዖ ውዑይ ስምዒት ጥራይ ኣይኮነን ዘመልክተና። ሓድ ሓደ ጊዜ ክርስትያናት እናንሃዩ ከምዚ ይብሉ፡- "ኣብ ክርስትና ህይወተይ መጀመርታ ከመይ ዝበለ ሓጎስ ይስመዓኒ ነይሩ። ንክርስትያናት ድማ ከመይ ዝበለ ፍቕሪ ኣፍቅሮም ነይረ። ሕጂ ግን ከምዚ ዝበለ ናይ ፍቕሪ ስምዒት ኣይስመዓንን። ከመይ ከምዝተለወጥኩ ኣይርድኣንን እዩ። ናብዚ ዓይነት ህይወት እዚ ብምልዋጠይ ብጣዕሚ'የ ዝሓዝን።"

ሰይጣን ከምዚ ዝኣመሰለ ከቢድ ሓሳብ ኣብ ውሽጢ ልቦም ብምሕዳር፣ ብዛዕባ ነፍሶም ተስፋ ከምዝቖርጹን ንመገዲ ክርስቶስ ከምዝሓድጉን ይገብር። ርግጽ እዩ ሓድሓደ ጊዜ ክርስትያናት በዚ ክንብሎ ዝጸናሕና መንገዲ ገዛእ ርእሶም ኣብ ዝወቕስሉ እዋን ወቐሳኦም ኣብ ሓቂ ዝተመርኮሰ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሓድሓደ ጊዜ ግን ከምዚ ዝበለ ኣተሓሳስባ እቲ ክፉእ ሰይጣን ዘሰንዘረሎም ፈተና'ውን ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ናይ መጀመርታ ፍቕሪ ምሕዳግ ስምዒት ብምልዋጥ ጥራይ ዝግለጽ ነገር ኣይኮነን። ናይ ሓቀኛ ክርስትያናት ስምዒት ዝቀያየር ክኸውን ዝከኣል እዩ። ሎሚ ሕጉስን ፍቕሪ ዘለዎን ይመስሉ፣ ጽባሕ ግን ሓጎሱ ክጠፍእ ከሎ፣ ከምኡውን ፍቕሩ ዝዘሓለ መሲሉ ክረኣዮ ከሎ፣ ፈጺሙ ካልእ ሰብ ክመስል ይኽእል። ስለዚ ክርስትያናዊ ህይወትና ብምልውዋጥ ስምዒትና ጥራይ ክንግምቶ ኣይንኽእልን ኢና።

ከምዚ እንድሕር ኮይኑ ግን ናይ መጀመርታ ፍቕሪ ምሕዳግ ከመይ ዝበለ ትርጉም ኮን ይህልዎ ይኸውን፡ መልሱ ንምርካብ ንሓቀኛ ናይ ክርስቶስ ፍቕሪ መፍለጢኡ ምልክት ከመይ ከምዝኾነ ኣቕዲምና እንተገለጽናዮ ይጠቅም እዩ። ንክርስቶስ ብሓቂ ዘፍቅር ሰብ ከመይ ዝበለ እዩ፡ ምናልባት ኩሉ ጊዜ ፍሉይ ሓጎስን ውዑይ ፍቕርን ዝሰምዖ ደኾን ይኸውን፡ ልዕል ኢልና ከምዝገለጽናዮ መንፈሳዊ ዛሕሊ ሓድሓደ ጊዜ ይስምዖ እዩ። ብዙሕ ብጐይታ ዘይሕጎሰሉ ጊዜ ኣሎ። እንተኾነ ግን ኣብ መንጎ እዚ ኹሉ ፈታኒ ኩነታት ንርእሱ ከረጋግጸላ ዝግብእ ሓደ ዓብይ ሓቂ ኣሎ። "ምስኪን፣ ድኻ፣ ድኹም፣ ሓይሊ ዝሰኣነ ሰብ ምኳነይ እፈልጥ እዚ ኹሉ እንተሃለወኒውን ካብ ክርስቶስ ክፍለ ኣይክእልን እየ። ብዘይ ብእኡ ክነብር ኣይክእልን እየ፣ ድኻመይን ሓዘነይን ኩሉ ሒዘ ናብኡ ክቐርብየ ናብኡ እንተዘይከይደ ናበይ ክኸይድ እኽእል፡ ናይ ዘልኣለም ህይወት ካብኡ እያ" ኢሉ ክሓስብ ይግባእ።

ከምዚ ዝኣመሰለ ክርስትያን ምናልባት ሓድሓደ ጊዜ ንጐይታ ኢየሱስ ዘየፍቅር እኳ እንተመሰሎ ብሓቂ ንኢየሱስ ክርስቶስ ዘፍቅር ሰብ እዩ። ካብኡ እቲ ናይ መጀመርታ ፍቕሪ ኣይጠፍእን። በዚ ኣገላልጻ እዚ ናይ ኤፌሶን ቤተክርስትያን ሰባት መንፈሳዊ ጉድለት ከመይ ዝበለ ከምዝኾነ ክርድኣና ይኽእል እዩ። ብልቦም ካብ ክርስቶስ ናይ ምፍላይ ሓደጋ በጺሕዎም ኣሎ። ንክርስቶስ ካብ ምፍቃር፣ ንዓለም ናብ ምፍቃር ዘንበሎም እዮም። ንክርስቶስ ዝፍጽምዎ ስራሕ ኩሉ ንእኡ ካብ ምፍቃር ዝተበገሰ ዘይኮነስ ብልምዲ ጥራይ ዝገብርዎ ዘለው ይመስሉ። ከምዚ ዝበለ ዝንባለ ንናይ ቤተ ክርስትያን መራሒ ኮነ ንተራ ክርስትያን ኣዝዩ ዘሰግእ ሓደጋ እዩ። ንክርስቶስ ዘለና ፍቕሪ እናዘሓለ ብዝኸደሉ መጠን ካልእ ዓይነት ፍቕሪ ኣብ ቦትኡ ይትካእ። ናይ ገንዘብ ፍቕሪ፣ ናይ ንብረት ፍቕሪ፣ ናይ ስልጣንን ክብርን ፍቕሪ፣ ነዚ ዝኣመሰለ ኩሉን ነቲ ናይ ክርስትያን ልቢ ክወርሶ ይኽእል።

ከምዚ ዝዓይነቱ፡ ዘሕዝን ምልዋጥ እንድሕሪ መጺኡ፣ ሰብ ከመይ ጌሩ ኣብ ቤተ ክርስትያን ትግሃት ክርኢ ይኽእል፡ ኣቐዲምና ከም ዝረኣናዮ ኢየሱስ ብዘርኣይዎ ትግሃት ኣየመስገኖምን ድዩ፡ ኣመስጊንዎም እዩ። እንተኾነ ብደጋዊ ሓይሊ ዘርእይዎ ትግሃት ጥራይ እዩ ነይሩ ንኢየሱስን ንሰብን ካብ ምፍቃሮም ዝተላዕለ ኣይኮነን። ካብዚ ዝተላዕለ ንቶም ኣዝዮም ዝወደቑን ዝደኸሙን ክሓዝኦሎም ኣይክኣሉን። ከምዚ ዝኣመሰለ ድኻም ኣብ ቅድሚ ጐይታ ዋጋ የብሉን።

ናይ ኤፌሶን ናይ ቤተ ክርስትያን መራሒ ብናይ ቤተ ክርስትያን ስራሕ ስንፍና ኣየርኣየን። ትጉህ ሰራሕተኛ እዩ። እንተኾነ ግን ሓቀኛ ጓሳ ኣይኮነን። ነቲ መጓሰ ብደሙ ንዝዓደገ ጐይታ ኢየሱስን ብሓፈሻ ነቲ መጓሰ ዘለዎ ፍቕርን ጎደሎ

> ናብ ጌጋ ንዝመርሑ ሰባት ብሸለልትነት ምርኣይ፣ ስርሖም ከም ቀሊል ነገር ገርካ ምሕላፉ ናይ ጐይታ ፍቓድ ኣይኮነን። ብትምህርቱን በካይድኡን ካብ እግዚኣብሄር ተፈልዩ ዝርከብ ኩሉ ኣብ ማእከል ምእመናን ንስም እግዚኣብሄር እዩ ዘጽርፍ።

እዩ። ስለዚ እቲ መጓሰ ኣብ ዝሸገረሉ እዋን ብሓቀኛ መንገዲ ክሓዝነሉ ኣይክእልን እዩ። ኣብ ዮሃ 21፡15-17 ብዛዕባ ክርስቶስን ጴጥሮስን ዝተጻሕፈ ታሪኽ መረድኢ ክኾነና ይኽእል እዩ። ጴጥሮስ፡- "ኣፍቅረካ'የ ጐይታይ" ኢሉ ድሕሪ ምምስካሩ "ዕያውተ፡

ብምሕላው፣ ኣባጊዑ ብምብላዕ ናይ ፍቕሪ ሓቅነት ንኽርኢ. ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደራ ኢልዎ። እዚ መልእኽቲ እዚ ከም ዝገልጸልና ናይ ስራሕ ትግሃትን ሓቀኛ ፍቕርን ኣዝዮም ዝተፈላለዩ ነገራት እዮም። ፍቕሪ ዘይብሉ ናይ ስራሕ ትግሃት፣ ካብ ስጋዊ ሓይሊ ጥራሕ ዝፈልፈለ ክኸውን ከሎ፣ ኣብ ቅድሚ ጐይታ ዘይብቑዕ ኣገልግሎት ኮይኑ ይተርፍ።

ቁ.5፡- ኣብ ናይ ኤፌሶን ቤተ ክርስትያን መራሒ ዝተረኽበ ጌጋ ከቢድን ዘስግእን ምዃኑ በዚ ቃል'ዚ ይፍለጥ። ከም ውድቀት ክሳዕ ዝቑጸር ክሳዕ ክንድዚ ዓብይ እዩ። "ካበይ ከም ዝወደቕካ ሕሰብ" ኢሉ እዩ ኣተሓሳሲብዎ። ዝወደቐ ክርስትያን ክአ ናይ ግድን ንስሓ ምእታው ስለዘድልዮ "ተነሳሕ" ዝብል ምኽሪ ንናይ'ዛ ቤተ ክርስትያን መራሒ ከም ዝተዋህበ ንርኢ። ኣብ ልዕሊ'ዚ፣ እቲ መራሒ "ነቲ ቀዳማይ ግብሪ'ውን ግበሮ" ተባሂሉ ተመኺሩ። እቲ ቀዳማይ ግብሩ ካብ ናይ ስራሕ ትግሃት ዝነቕለ ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ሓቀኛ ፍቕሪ ዝፈልፈለ እዩ ነይሩ።

ነቲ ዝተዋህበ ምኽሪ ብምቕባል ናይ ንስሓ ኣድላይነት ሸለል ንኽይብሎ ድማ ኢየሱስ "እንተ ዘይተነሳሕካ ግን ክመጸካ'የ" ብምባል ናይ መጠንቀቕታ ቃል ወሲኹሉ። "ክመጸካ'የ" ምባሉ ኣብ መወዳእታ ዓለም ኣብ ካልኣይ ምጽኣቱ ዘይኮነስ ካብ ናይ ኤፌሶን ማሕበረ ምእመናን ቀንዴሉ ንምውሳድ ከም ዝወሰነ የመልክተና። ኣብ ማእከሎም ዝነበረ ናይ ወንጌል ብርሃን ይጠፍኦም ኣሎ ማለት እዩ። ካብዚ ቃል'ዚ ክንርድኦ ከም ንኽእል እቲ ውድቀት ናይቲ መራሒ ቤተ ክርስትያን ጥራይ ዘይኮነስ ኣብቲ ቦታ'ቲ ንዝርከቡ ክርስትያናት እውን ነቲ ናይ መጀመርታ ፍቕሮም ብምሕዳግ ወዲቖም ከም ዘለዉ የርእየና።

እዚ ምኽሪ'ዚ ንናይ ኤፌሶን ቤተ ክርስትያን ምስ ተዋህበ እቶም ክርስትያናት ከም ዝተመልሱ ክንኣምን ንኽእል። ምኽንያቱ፣ ድሕሪ ዘመን ናይ ዮሃንስ፣ እዛ ቤተ ክርስትያን ንብዙሕ ጊዜ ዝኣክል ኣብ ከባቢኣ ናይ ወንጌል ብርሃን ከተብርህ ከም ዝኸኣለት ታሪኽ ቤተ ክርስትያን ይነግረና። ናይ መወዳእታ ታሪኻ ግን ዘሕዝን እዩ። ቀንዴላ ዝውሰደሉ ጊዜ ኣኺሉ። ናይ እግዚኣብሄር ቃል ኣብ ምሕላው ስለ ዘይጸንዐት እቲ ቀንዴል ጠፊእዋ።

ናይ ኤፌሶን ቤተ ክርስትያን ታሪኽ ንኹላትና ዝህበና ኣድላዪ ትምህርቲ እዚ እዩ። ቃል እግዚኣብሄር ረኺብካ እንተኼንካ ብፍቕሪ ኣጽኒዕካ ሓዞ እንተዘይኮይኑ ክጠፍኣካ እዩ።

ቁ.6፡- ኣብ ቍጽሪ 5 ክርስቶስ ከቢድ ነገር ኣስሚዕዎም ነይሩ። እንተኾነ እዚ ስምዕታ ናብኡ ንኽምለሱ ንኽተባብዖም ደኣ እምበር ንኽሕዝኖም ወይ ድማ ተስፋ ንኽቖርጹም ኣይኮነን። ነቶም ምእመናን ብመጠኑ ዘለዎም ፍቕሪ ብዝበለጸ ንኽርእዮም ብኻልእ ጽቡቕ ነገሮም ከየመስገኖም ኣይሓለፈን። ግናኸ እቲ ኣነ ዝጸልኦ ግብሪ ኒቆላውያን'ውን ትጸልኦ ኢኻ ብምባል፣ በዚ ነገር እዚ ከም ዝተሓጎሰ ክገልጸሎም ፈትዩ። ዕላምኡ ክአ ልቢ ሰማዕቲ ናብኡ ገጹ ንኽስሕብ እዩ።

ኒቆላውያን ዝተባህሉ ሰባት ከመይ ዝበሉ እዮም: ኣብዚ መልእኽቲ እዚ ጥራይ ዘይኮነስ ናብ ጴርጋሞን ኣብ ዝተላእከ መልእኽቲ'ውን ተጠቒሶም ኣለው (ራእ 2፡14-15)። ካብዘን ጥቕስታት እዚኣን ክንርድኦ ከም ንኽእል ንግኣት ዝተሓርደ

ዝበልዎ ግብሪ ዝሙት ዝገብሩ ክርስትያን'ውን ከምዚ ክገብር ይኽእል እዩ ዝብሉ እዮም። ኒቆላውያን ዝተባህሉሉ ካብ ምንታይ ዝተበገሰ ምኳኑ ኣይተፈልጠን። ኢሬኔዎስን ሂፖሊትን ዝተባህሉ ናይ ጥንቲ ቤተ ክርስቲያን ኣበው "ኒቆላውያን ኣብ ግብሪ ሓዋርያት ኣብ ዝተጠቕሰ ኒቆላዎስ ዝተባህለ ዲያቆን ስም ዝተሰምየ ማሕበር እዮም" ዝብል ርእይቶ ነይርዎም (ግብ፡6፡5)። እዚ ርእይቶ እዚ ግን ሓቀኛ ከም ዝኾነ ዘረድእ ብቑዕ መርትዖ ኣይተረኽበን። እንተኾነ ኢሬኔዎስ ብዛዕብኡም ዝጸሓፎ ቃል ኣብ ራእይ ዮሃንስ ብዛዕባ ኒቆላውያን ምስ ዝተጸሕፈ ቃል ከም ዝሰማማዕ ምርግጋጽ ይከኣል። ብፍትወት ስጋ ዝግዝኡ፡ ንኽምዚ ዝበለ ፍትወት ዝድግፉ፡ "ክርስትያን ካብ ኣምልኾ ጣኦት ክርሕቑ ኣየድልዮን እዩ፤ ዝሙት'ውን ሓጢኣት ኣይኮነን ንክርስትያን ተፈቒዱሎ እዩ" ዝብሉ ሰባት ምንባሮም ጽሒፉ። ናይ እስክንድርያ ክሌመንት ዝተባህለ ናይ ቤተ ክርስትያን ኣቦ እውን ነቲ ማሕበር ዝመስረቶ ኒቆላዎስ ዝተባህለ ዲያቆን፡ ስጋና ዝተዋህበና ንዚ እዩ እናበለ ብግልጺ ከም ዝመሃረ ጽሒፉ ኣሎ። እዚም ናይ ክርስትያን ስም ዝጸሩ ሰባት ብመንፈሳዊ ሸለልትነት ዝተጸምዱ በካይዳኦም ናይ ዓለም ሰባት ንምምሳል ዝፈተው ሰባት እዮም።

ስራሕን እምነትን ናይ ኒቆላውያን ግን ኣብ መንጎ ናይ ኤፌሶን ክርስትያናት ዝፍቶ ኣይነበረን። ሰብ ኤፌሶን ክሳዕ ክንድዚ ሓቂ ዝፈትው ኮይኖም፤ ጐይታ ኢየሱስ ካብ ዝወደቑላ ክትንስኡ ክመኽሮም ከሎ ክይሰምዕዎ ይተርፉ፡ ከም ዝሰምዑ ተስፋ ንገብር።

ቁ.7፡- ልዕል ኢልና ከምዝረኣናዮ ቃል እግዚኣብሄር ንመን እዩ ተጻሒፉ፡ ንናይ ኤፌሶን ቤተክርስትያን ጥራሕ ድዩ፡ ኣይኮነን። ንኹለን ኣብያተ ክርስትያናት ዝተጻሕፈ ቃል እዩ። ከመይ እንተተባህለ ንኣብያተ ክርስትያናት ደኣ'ዩ ዝብል እምበር ንሓንቲ ቤተክርስትያን ጥራይ ኣይብልን እዩ። ከምዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ እቲ ዝዛረብ መንፈስ ቅዱስ ስለዝኾነ እዩ። ኣብ መጀመርታ እዚ ቃል እዚ ንናይ ኤፌሶን ቤተ ክርስትያን ተላኢኹ። ካብኡ ንደሓር ግን መንፈስ ቅዱስ እዚ ቃል'ዚ ንኹለን ኣብያተ ክርስትያን ክዛረበ ደነብር ኣሎ። በዚ ድማ ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ዝተዛረቦ ተስፋ ተፈጺሙ ንረኽቦ። "እቲ ናይ ሓቂ መንፈስ ምስ መጸ ግና ናብ ኩሉ ሓቂ ክመርሓኩም እዩ። ዝሰምዖ ኩሉ ክነግረኩም ካብይ ወሲዱ ክነግረኩም እዩ።" ዝብል ቃል ተጻሒፉልና እዩ (ዮሃ፡16፡13-14)። ክሳዕ እዚ ዘመንና እዚ መንፈስ ቅዱስ ንናይ ኤፌሶን ክርስትያናት ዝተላእከ ቃል እናወሰደ ንኣብያተ ክርስትያን ይመክርን ይምህርን ይመርሕን ኣሎ። እዝኒ ዘለዎ ይስማዕ። ምናልባት ነቶም ኣብ ኤፌሶን ዝነበሩ ክርስትያናት ዝመስሉ ምእመናን ሕጂውን ኣይስኣኑን እዮም። እንተልዮም እምበኣር እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዝብለን ዘሎ ይስምዑ።

ንቱዕ ሰማዒ ምኳን ንክርስቲያን ዓብይ ነገር እዩ። ሰማዒ እዝኒ ዘለዎ፡ ኩሉ ግዜ ተስፋ ኣለዎ። እቲ ናቱ ጌጋ ኣዝዩ ዓብይ እንተኾነ እውን መንፈስ ቅዱስ ከእርሞ ይኽእል እዩ። ካብዚ ዝተላዕለ ጐይታ ኢየሱስ ባዕሉ ብዙሕ ጊዜ "እዝኒ ዘለዎ

ይስማዕ" ዝብል ኣዘራርባ ይጥቀም እዩ (ማቴ፡11፡15፣ 13፡9)።

ናይቲ መልእኽቲ ናይ መጨረሻ ቃላት ናይ ተስፋ ቃላት እየን። "ነቲ ዝስዕር ካብታ ኣብ ገነት ዘላ ህይወት ኪበልዕ ክህቦ እየ" ብዝብል ዘሐጉስ ቃል መልእኽቲ ይድምድም። ብዛዕባ ገነት እግዚኣብሄር ዝዛረቡ ክልተ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ጽሑፋት ኣለው። ንሳቶም ከኣ እቶም ናይ መጀመርታን መወዳእታን መጻሕፍቲ፡ ማለት ኦሪት ዘፍጥረትን ራእይ ዮሃንስ እዮም (ዘፍ፡2፡8-9፣ ራእ፡22፡2)። ኣዳምን ሄዋንን ቅድሚ ምውዳቖም፡ ኣብ ገነት ኤደን ፍጹም ብዝኾነ ብጽእናን ሰላምን ሓጎስን ምስ ኣምላኾም ይነብሩ ነበሩ። እንተኾነ ናብ ሓጢኣት ስለ ዝወደቑ ናብታ ኦም ህይወት ከይቀርቡ ተኸልኪሎም እዮም። ብዓወት ክርስቶስ ግን ናይ እግዚኣብሄር ገነት ኤደን እንደገና ተኸፊቱ እዩ። ዝሰዓረ ዘበለ ድማ ኣብዚ ገነት እዚ ካብ ዘላ ኦም ህይወት ንኽበልዕ ይፍቀደሉ እዩ።

ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዝተሰቅለሉ እዋን ነቲ ብእኡ ዝኣመነ ከታሪ "ሎሚ ምሳይ ኣብ ገነት ክትከውን ኢኻ" ኢልዎ ነበረ። እቲ ዝሰዓረ ክርስትያን ብሞት ካብዛ ዓለም እዚኣ ምስ ተፈለየ፡ ብኡንብኡ ናይ ገነት ኤደን ሓጎስ የስተማቕር። ድሕሪ ትንሳኤ ድማ ብስጋን ብነፍስን ንዘለኣለም ዋና ናይዚ ሓጎስን ሰላምን እዚ ክኸውን እዩ። ካብዛ ኦም ህይወት እዚኣ ናይ ምብላዕ ዕድል ዝረክብ እቲ ዝሰዓረ ጥራይ እዩ። እዚ ኣበሃህላ እዚ ኣዝዩ ዘሐጉስ ኣብ ርእሲ ምኳኑ ዘጠንቅቕ'ውን እዩ። ንኽይንሰዓር ድማ የተባብዓና፡ እቲ ዝተሳዕረ ካብ ናይ እግዚኣብሄር መንግስቲ ወጻኢ እዩ። እቲ ዚስዕር ግን ናይቲ ብጽእና ተኻፋሊ

**ኢየሱስ ክርስቶስ ብዛዕባና ብዛዕባ ክርስትያናት ኩሉ ይፈልጥ እዩ። ልብን ኩላሊትን ዝምርምር ኣምላኽ እዩ። እንሰርሖ ስራሕ ኩሉ፡ እንሓስቦ ሓሳብ ኩሉ፡ ኣብ ውሽጢ ልብና ዝተሰወረ ነገር ኩሉ ኣብ ቅድሚ የዒንቱ ቅሉዕን ግሉጽን እዩ**

ይኸውን፡ ንክርስትያን ንኽስዕርዎ ከም ጸላእቲ ዝተላዕልዎ ሓያላት ተቓወምቲ ኣለው። ንሳቶም ከኣ ሰይጣንን ዓለምን ስጋን እዮም። ስለዚ ንኽንስዕር ቃሉ ብዙሕ ጊዜ ክትንክፈና ከሎ ምኽሩ ንኹላትና ኣድላዪ ምኳኑ ይስማዓና።

ብምንታይ ኢና እንስዕር፡ መልሱ ሓጺር እዩ። ብኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ። "ብጐይታና ኢየሱስ ገይሩ ዓወት ዚህበና ኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ" (1ቆሮ፡15፡57)። "በዚ ኹሉ በቲ ዘፍቀረና ኣጸቢቕና ንስዕር" ኢና (ሮሜ፡8፡37-39)። ናይ ኤፌሶን ክርስትያናት ንኽይሰዓሩ፡ ዘሰግኦም ነምንታይ እዩ፡ ካብቲ ዘዐውቶም ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ምርሓቕ ወይ ናይ ምፍላይ ምልክት ስለዝተራእዮም እዩ። እዚ መልእኽቲ'ዚ ብምሉእ ልቢ ናብኡ ኪምለሱ ይመኽሮምን

ይመኽረናን ኣሎ።
ንመጽናዕቲ ዝሕግዙና ሓሳባትን ጥቕስታትን (ራእ፡2፡1-7)

1. ናይዛ መልእኽቲ ናይ መጀመርታ ቁጽሪ እንታይ የመልክተና (ምስ ምዕራፍ ሓደ ኣነጻጽር)።
2. "ግብርኻ እፈልጦ እየ" ኣብ ዝብል ቃል ግቡእ ትርጉም ንምሃብ ኣስዒብና እንርእዮም ጥቕስታት ይረድኡና እዮም (ሮማ፡2፡16፣ እ'ብ፡4፡13፣ መዝ፡7፡9፣ 26፡2፣ 139፡7-12፣ 90፡8)።
3. ኣብ ቍጽሪ 2-3 ዘሎ ቃል ኣብ 1ቆሮ 13፡1-2 ተጠቒሱ ምስ ዘሎ ሓሳብ ብምንታይ ይራኸብ፡
4. ቀዳማይ ፍቕርኻ ምሕዳግ እንታይ ማለት እዩ፡
5. ኣብ ዮሃ 15፡1-11 እንተርኢና፣ ናይ ኤፌሶን ቤተክርስትያን መራሕን ካልኦት ኣባላት ናይቲ ማሕበርን ብምንታይ ከም ዝወደቑ የብርሃልና። እዚ ክፍሊ እዚ ኣጽንዕ።
6. ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዮሃ 21፡15-19 ናይ ጴጥሮስ ፍቕሪ ዝመርመሮ ንምንታይ ይመስለካ፡ ናይ ቀደም ፍቕሪ ስለዝሓደገ ደኾን ይኸውን፡ ኣብቲ እዋን እቲ ጴጥሮስ ሰለስተ ጊዜ ተፍቅረኒ ዲኻ ተባሂሉ ተሓቲቱ። ደሓርከ፡ ንምሳሌ መልእኽትታት ናይ ጴጥሮስ፣ ብዛዕባ ናይዚ ሃዋርያ ፍቕሪ እንታይ ይምስክሩ፡ ካብቲ ብዙሕ ሒደት 1ጴጥ ምዕራፍ ሓደ ተመልከት።
7. ፍቕሪ ክርስቲያን ከዝሕሉ ዝኽእሉ ብዙሓት ነገራት ኣብዚ ዓለም ይርከቡ። ብፍላይ ኣብቲ መወዳእታ ዘመን ካብ ብዝሒ ዓመጻ ዝተላዕለ ፍቕሪ ብዙሓት ከም እትዝሕል ጐይታ ኢየሱስ ባዕሉ ገሊጹልና። (ማቴ24፡12)። ስለዚ በዚ ጉዳይ እዚ ምጥንቃቕ ንኹሉ ክርስቲያን ኣድላዪ እዩ። ክርስትያናዊ ፍቕርና ካብ ዕለት ናብ ዕለት ምሕዳስ የድልዮ። እዚ ዝኾነልና ከኣ ነቲ ናቱ ፍቕሪ እናጠመትና ንነብር እንተኾንና እዩ። ቀጺሎም ዘለው ጥቕስታት ተመልከት (ዮሃ፡3፡16 2ቆሪ፡8፡9፣ ገላ፡2፡20፣ 1ዮሃ፡3፡16፡4፡7-10,19፣ 2ቆሪ፡5፡14-15)።



**እቲ ዘመን ቀረባ እዩ እሞ፣**

**እቲ ነዚ ቓል ትንቢት**

**እዚ ዜንብብን**

**እቶም ዚሰምዕዎን፣**

**ነቲ ኣብእ ተጽሒፉ ዘሎውን**

**ዚሕልውዎን ብጹኣን**

**እዮም።**

# ዝዝከር ፍቕሪ

*ማቴ፡26፡1-13፣ ማር፡14፡1-19፣ ዮሃ፡12፡1-8*

እቲ ቅንያት ኣገዩ ክፉእ እዩ ነይሩ። ንኣልኣዛር ካብ ሞት ኣተንሲኡ ኣብቲ ህዝቢ ዓብይ ዝና ስለዝረኸበ፡ ህይወት ጐይታን ደቀ መዛሙርቱን ሓደጋ የንጸላልዎ ነበረ። ናብቲ ሽው ተቓሪቡ ዝነበረ በዓል ኣይሁድ ናብ የሩሳሌም ክድይብ ሰባት ይጽበይዎ ነበሩ። ገሊኦም ኣድብዮም ሒዞም ክቐትልዎ፡ ገሊኦም ከኣ ንኣልኣዛር ትንሳኤ ዝሃቦ ነብዩ ክርእዩ ይህንጠዩ ነበሩ።

ጐይታ ድማ ኣብ ቤት ሓደ ስምኣን ዝበሃል ለምጻም ሰብኣይ ኣትዩ ነበረ። ዮሃንስ ወንጌላዊ ግን ኣብ እንዳ ማርያምን ኣልኣዛርን ማርታን ከምዝነበረ ጽሒፉ ኣሎ። ምናልባት ኣቦኦም ስምኦን ዝበሃል ለምጻም ሰብኣይ ነይሩ ክኸውን ይኽእል። ወይ'ውን እንዳ ኣቦይ ስምኦን ዝበሃሉ ለምጻም ሰብኣይ ተኻርዮም ወይ ተጸጊዖም ይነብሩ ነይሮም ይኾኑ። ወይ'ውን ኣብ እንዳ ስምኦን ዝበሃል ኣማኒ ሓዉ ነይሮም ይኾኑ። እቲ ወሳኒ ግን እቲ ገዛ ናይ መን ምንባሩ ዘይኮነስ፡ ኣብቲ ገዛ እቲ መን ምንባሩ እዩ። ጐይታ ኣብዚ ገዛ እዚ ቅድሚ ናይ ሕማማት ሰሙን ዝነበረ ጊዜ እዩ ተረኺቡ። እታ መራር ናይ ሞት ጽዋእ ዝሰትየላ ቅንያት ስለዝነበረት ንእኡ ኣዝያ መራር እያ ነይራ። ንመቓብር ዝዳለወላ ሰሙን ስለዝነበረት፡ ካብኣ እትኸብድ ቅንያት ኢሒሊፉ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ።

ኣብዚ ፈሪሳውያን ንጐይታ ኣጻዊዶም ንምሓዝ ብርቱዕ ምድላዋት ዝገብሩሉ ዝነበሩ ቅንያት፡ ሓንቲ ማርያም እትበሃል ሰበይቲ ድማ ንጐይታ ሓደ ነገር ክትገልጸሉ ትዳሎ ነበረት። ሓጥእ ሰብ እያ ነይራ። ካብ ሓጢኣታ ብዘደንቕ መንገዲ ምሕረት ስለዝረኸበት፡ ንጐይታ ዝነበራ ፍቕሪ ደረት ኣይነበሮን። ብኸመይ መልክዕ ከም እትገልጾ ይጨንቓ ነበረ። ዋላ እኳ ብመልክዕ ፊደል ተጻሒፉ እንተዘይረኸብናዮ ንፍቕራ ብኸመይ ከም እትገልጾ ብዝሕ ከም ዘጨነቓ፡ ብዘይርእ ቀለም ኣብ መንጎ'ቲ ዝተጻሕፈ መስመር ቃላት ክንንብቦ ብዙሕ ዝኸብድ ኣይመስለንን። ከመይ ኢላ ናብዚ ሕጂ እንትርኸ ዘለና ምርጫ ከምዝዓለበት'ውን ንምርድኡ ከቢድ እዩ።

> መጠን ናይቲ ጐይታ
> ኣብኣ ዝነበሮ ፍቕሪ፡
> ብመጠን ናይቲ
> ዝተሓድገላ ሓጢኣት
> ኣንቢባ ተረዲኣቶ እያ።

መጠን ናይቲ ጐይታ ኣብኣ ዝነበሮ ፍቕሪ፡ ብመጠን ናይቲ ዝተሓድገላ ሓጢኣት ኣንቢባ ተረዲኣቶ እያ። ካብ ኣበሳ ንላዕሊ ኣዝዩ ብዝዓዝዘ ፍቕርን ጸጋን ጌሩ፡ ነቲ ካብኣ ዝውሕዝ ዝነበረ ሓጢኣት መወዳእታ ከም ዝገበረሉ ኣስተማቒራቶ እያ። ንዓኣ ከቢድዋ ዘሎ፡ ብኸመይ ዝበለ መንገዲ ነቲ ንሳ ኣብ ልዕሊኡ ዘለዋ ፍቕሪ ክትገልጾ ከም እትኽእል እዩ። ኣብ መወዳእታ ብክቡር ቅዱይ ቅብኢ ቀቢኣ፡ በቲ ክቡር ጸጉሪ ርእሳ ጌራ፡ ኣብ ትሕቲኡ ኮይና ነቲ ደሮና ዝዓሰሎ ኣእጋሩ ክትቀብእ ደኣ ትወስን እምበር፡ ኣቐዲሞም ሓያሎ ካልኣት ኣማራጺታት ኣብ ኣእምሮኣ ኣእንጊዳ ከም ዝነበረት ኣይዝንጋዕን እዩ። ከምቲ ካልኣት ዝገብርዎ ናይ ምሳሕ ወይ ናይ ድራር እንግዶት ከይትብል፡ ካብ ኣርባዕተ ሰዓታት ንላዕሊ ብዘየገልግል ሲጋዊ መግቢ ዘይኮነስ ፍቓድ ኣቦኡ ብምግባር ዝዓግብ ጐይታ ምዃኑ ርእያቶ ኣላ። ብምድራዊ ዘይኮነስ ብሰማያዊ ሽውሃት ዝናበር ህይወት እናረኣየት፡ ብተራ፡ እንተብላዕካዮ ብዘይትውስኸሉ፡ እንተዘይበላዕካዮ ብዘይትንከየሉ ምግቢ ጌርካ ፍቕርኻ ምግላጽ ጥበራ ጥራይ ኮይኑ ተሰሚዕዋ ኣሎ። ኣዝዩ ክቡርን ዘጋይጽን ክዳን ጌራ ከይትገልጸሉ፡ ብመለኮትነቱ ዝነበሮ ናይ ኣምላኽነትን ክብርን ግርማን ኣልባሱ ገዲፉ፡ መልክዕ ባርያ ወሲዱ፡ ምስሊ ሓጢኣተኛ ስጋ ለቢሱ ትርእዮ ኣላ። ስለዚ ድማ ብሓደ ኣላማይ ዝተኣልመ ዓለባስ ነቲ ክሳዕ እግሩ ብጸዕዳ ክዳውንቲ ዝተኸድነ፡ ብቕናት ወርቂ'ውን ክሳዕ ኣፍልቡ እተዓጥቀ ወዲ ሰብ ወዲ ኣምላኽ ዝኾነ ኢየሱስ ምሃብ ዘኽብሮ ዘይኮነስ ዘሕስሮ ምዃኑ ኣይትዝንግዮን እያ። ወርቂ ከይትህቦ፡ ንርእሱ ካብ ወርቅን ብሩርን ብዝኸብር ደሙ ንሓጥኣን ዝብጆ ጐይታ፡ ካብ ምድሪ ብዝተዓደነ ብኢድ ሰብ ብዝተሰርሐ ወርቂ ፍቕራ ክትገልጸሉ ዘይብቑዕ ምዃኑ ኣይስሓተቶን።

ስለዚ እቲ ዝበለጸ ኮይኑ ዝተራእያ ነገር ነፍስኻን፡ ልብኻን፡ ኣንነትካን መንነትካን ኩሉ ኣብ እግሩ ምፍሳስ፡ ኣብ እግሩ ምኽዓው እዩ። ዝፈሰሰ ማይ ከም ዘይሕፈስ፡ ካብ ቅድሚኡ ከም ዘይትሕፈስ፡ ናብ ካልእ ከም ዘይትለዓል ኮይና ክትክያ ወሰነት። ታሪኽ ሃና ስበይቲ ኢልቃና ዝሓሰበት እያ እትመስል። ዋላ ስኽሽርቲ የምስላ፡ ዋላ ኳል ብልያል የምስላ ብዘየገድስ፡ ካብ ቃላት ንላዕሊ ክገልጽ ብዝኽእል መንገዲ፡ ነፍሳ ኣብ ቅድሚኡ ክትክዕዋን ክተፍስሳን ቆሪጻ ወሰነት። ነቲ ምኽዓው ነፍሳ፡ ከም ጽላሎት፡ ከም ተዛማዲ ተምሳል ኮይኑ ዝገልጸላ፡ ብዓይኒ ዝርኢ፡ ክፈስስ ዝኽእል ነገር እንተሎ ሓሰበት። ወይኒ ከይትመርጽ፡ ሰባት ህይወቶም ብወይኒ ክዘርጉን ከበላሽ'ውን ስለ ዝረኣየት፡ ወይኒ ድማ ክብላዕን ክስተን እንተዘይኮይኑ፡ ንኻልእ መዓላ ክውዕል ስለዘይረኣየት፡ ንዕኡ ኣይመረጸትን። ስም ጐይታ እንተሓሰበት፡ "ኢየሱስ ክርስቶስ" እዩ። ኢየሱስ ማለት መድሓኒ፡ ክርስቶስ ማለት ድማ፡ ቅቡእ ማለት እዩ። ስለዚ ነዚ ክቡር መሲሕ፡ ነዚ ክቡር ክርስቶስ፡

ነዚ ክቡር ቅቡእ ጐይታ፡ ኣገዞ ክቡርን ቅዱይን ብዝኾነ ቅብኢ እንተቐብኣቶ ዝሓሸ ኮይኑ ተራእያ። እቲ ዘዳለወቶ ቅብኣት፡ ምስቲ ኣብ ኩለንተናኡ ዝረኣያ መለኮታዊ ቅብኣት ክተረአእዮ እንከላ ምቕባእ ዘይኮነስ ምጽያቕ ኮይኑ ከም ዝስመዓ ዝስሓት ኣይኮነን። ንሰዓብቱ፡ ብሰማያዊ ቅብኢ ቀቢኡ ንዝኖብር ቅቡእ ሰብ፡ ብሓደ ምድራዊ ክኢላ ብዝተዳለወ ምድራዊ ቅብኢ ክትቀርቦ ከመይ ዘየሰክፉ!! ግን ዝሓሸ ተምሳል ንዓኣ ንሱ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ከመይ ጌራ ከም እትቐብኦ እዩ ዝጨንቃ። ኣብ ገዝኣ እንተዝኸውን ኣይምኸበዳን። ንእኡ ንምቕባእ ዝምችኣ ብዙሕ ምተጣበበት። ኣብ ባህሊ እስራኤል ኣብ ገዛኻ ንዝኣተወ ጋሻ፡ ንእግሩ ዝኸውን ማይ ሂብካ ባዕልኻ ክትሓጽቦ ንቡር መንፈሳዊ ባህሊ እዩ። ኣብ ገዝኣ እንተዝኸውን ምስታ ምሕጻብ ኣልግብ ኣቢላ እግሩ ክትቀብእ ምጠዓማ ነይሩ። ሕጂ ግን ኣብ ገዝኣ ኣይኮነን ዘሎ። ነዚ ዕንቅፋት እዚ ሰጊራ፡ ሓቦ ጌራ ናብቲ ገዛ እንተኣተወት'ውን ካልእ ከቢድ ዕንቅፋት ኣሎ። ሰብ ገዛ ከለው፡ ንእኦም ሰጊርካ ኣብ ገዝኦም ድላይካ ክትገብር ምፍቃድ ዝሓትት ከቢድ ዝላ እዩ። ልዕሊ ዓሰርተ ክልተ ዝኾኑ ሃዋርያትን ደቀ መዛሙርትን፡ ካልኣት ብዙሓት ሰባትን ከም ሓጹር ከቢቦምዎ ከለው ነዞም ኩሎም ሓሊፍካ ኣብ እግሩ ይኹን ኣብ ርእሱ ምብጻሕ ቀሊል ኣይኮነን። ንሱ ጥራይ ግን ኣይኮነን። ሑቕ ኢላ ከይዳ ድያ ክትክዕወሉ ወይስ ከምኡ ዝፈቱ እንተኾይኑ ወይ እንተዘይኮይኑ ሓቲታ ኣፍቂዳ እያ ክትቀብእ። ነቲ ፍታዋ ይፈትወላ ይቕበለላዶ ይኸውን፡

ጐይታ ነዛ ስግኡ ብዙሕ የቕልበላን ክብረት ይደልየላን ኣይነበረን። ቀትሪ ምሉእ መዓልቲ ክምህር ይውዕል ስለ ዝነበረ፡ ምስትምሃር ድማ ብጽምኢ

*ንስኻ ንስሙ*
*ክትቀብእ ከተዕቢ*
*ክተምእዝ ትሰርሕ*
*ንሱ ከኣ ኣብ*
*ውሽጥኻ ብቕዱስ*
*ሓሳብን ብቕዱስ*
*ራእይን ብቕዱስ*
*ተግባርን*
*ይቕብኣካ!!*

ዘቓሕቱ ኣድካሚ ስራሕ ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ ጊዜ ሰብነቱ ሓሲኡ ይነብር ከም ዝነበረ ኣይከሓድን እዩ። ካብ ገሊላ ናብ ሰማርያ፡ ካብ ሰማርያ ናብ ይሁዳ እናዞረ ኣብ ኩለን ኣውራጃታት ብመጎዓዝያ ዘይኮነስ ብእግሩ ይዘውር ስለ ዝነበረ ንድኻሙ መግለጺ ኣይነበሮን። ብኣስፋልት ዘይኮነስ ብሓመድ ይጎዓዝ ስለ ዘሎ ሰብነቱ እንታይ ከም ዝመስል ግሉጽ እዩ። ቁሩብ እኳ ብለይቲ ሰላም ኣቢሉ ከየዕርፍ፡ ለይቲ ብመላእ ብጸሎት ንቺሑ ስለ ዝሓድር ድቃስ ለይቲ እኳ ኣይፈልጣን እዩ። በዚ ኹሉ ዓይነት ድኻም እናሓለፈ እንታይ ዓይነት ሰብነት ክህልዎ ኢሉ፡ ስለዚዶ ኣይኮነን ነብዩ ኢሳይያስ "ነዚ ምስክርና (ንኢየሱስ) መን ኣመኖ፡ ቅልጽም እግዚኣብሄርከ ንመን ተጋህደሉ፡ ኣብ ቅድሚኡ ከም ጨንፈርን ከምቲ ካብ ንቑጽ ምድሪ ዝወጽእ ሱርን ጨብጨበ። መልክዕን ውቃብን ኣይነበሮን፡ ምስ ርኤናዮ ዘብህገና ትርኢት ኣይነበሮን። ንዑቕን ብሰብ ድርቡይን እዩ። ብዓል ስቓይ፡ ብሕማም ልዱይ፡ ከምቲ ኣብ ቅድሚኡ ገጾም ዝጉልበቡሉ ሰብ እተዋረደ እዩ። ንሕና'ውን ገለ እኳ ኣየቋጸርናዮን" ዝበለ (ኢሳ 53፡1-3)። እዛ ሰበይቲ ምናልባት ካብቲ ከምዚ ዝበለ ኩነታቱ ተበጊሳ ደኾን ትኸውን፡ ቅብኢ ምስ ቀባእክዎ፡ ገለዶ እቲ ውቃቤኡን መልክዑን ይምለስ እሞ፡ ሰባት ይብህግዎን የኽብርዎን ይኾኑ ኢላ ቅዱይ ቅብኢ ክትለኽዮ ዝወሰነት፡ ብዝኾነ፡ ምርጫኣ እቲ ዝበለጸ ውሳኔ እዩ።

ስዒቡ ዝመጽእ ሕቶ ግን ኣሎ። ኣብ ምንታዩ እያ ክትለኽዮ። ኣብ ጸጉሪ ርእሱዶ ምሓሸ፡ ድፍረት ከይኮና ድማ ክትፈርህ እያ። ማቴዎስ እኳ ኣብ ርእሱ እያ ቀቢኣቶ እዩ ዝብል። ዮሃንስ ግን ኣብ እግሩ ቀቢኣቶ እዩ ዝብለና። ክልቲኦም ኣብ ዘይረኣይዎ ነገር ኣይመስክሩን። ብርግጽ ኣብ ርእሱን ኣብ እግሩን ቀቢኣቶ ኣላ። ማቴዎስ፡ እቲ ንጐይታ ከም ርእሲ መእዝን ዝፈለጠ ሃዋርያ፡ ኣብ ርእሲ ኢሉ እንተጸሓፈ፡ እቲ ርእሲ ንኻልእ ኩሉ ኣካላት ከም ዝመልኽ፡ ንኹሉ ኣካላት ከም ዝውክልን ይፈልጥ እዩ። እቲ ኣብ ኣፍ ልቢ ጐይታ ተጸጊዕካ ምንባር ዘስተማቐረ ዮሃንስ'ውን "እቲ እተሓጽበ ንጹህ እዩ እሞ፡ ብዘይካ ኣእጋሩ ካልእ ምሕጻብ ኣየድልዮን እዩ፡ ንስኻትኩም ከኣ ንጹሃት ኢኹም" ክብል ከሎ ሰሚዑ እዩ እሞ፡ ነቲ ንጹህ ጐይታ እግሩ ከም ዝተቐብአ ምግላጽ ናይ ኩለንተናኡ ምቕባእ ከም ዝገልጽ ይፈልጥ እዩ (ዮሃ፡13፡10)። ወንጌል ብዝኾነ መእዝን እንተመጸኢካዮ ወርትግ ቅኑዕ እዩ።

እቲ ኻልእ ዝዓበየ ሕቶ ግን "ብምንታያ እያ ክትቀብኦ፡" ዝብል እዩ። ብኣእዳዋ ከይትቕብኦ፡ ኣእዳዋ ሓያሎ መዓልታት ንሓጢኣት ተዘርጊሐን እየን። ኣመንዝራ እንተ ነይራ ብሰብነት ናይ ሓያሎ ምሳእ ዝመንዘሩ ሰባት ረኺሳትሉ እያ። ካልእ ሓጢኣት'ውን እንተኾነ ንእዳዋ ከይጸምበረ ኣይተፈጸመን። ስለዚ ብጸጉሪ ርእሳ ክትደርዞ ወሲና። ጸጉሪ

ካብ ሓጢኣት ነጻ ኮይኑዋ ኣይኮነን። ግን ጸጕሪ ክብረት ጓለንስተይቲ እዩ። እዚ ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ኮነ ኣብ ባህሊ ኩሉ ሕብረተሰብ ሓቂ እዩ። ንኽቡር ጐይታ፡ ብኽቡር ጸጕሪ ርእሲ ጌራ፡ ክቡር ቅዱይ ቅብኢ ምቕባእ ቅኑዕ ኮይኑ ተራእያ። እቲ ኻልእ ብጸጕሪ ርእሳ ንምቕባእን ንምድራዝን ዘምረጸ ምኽንያት ድማ ኣብ ቅድሚኡ ተደፊኣ ንኽትትሕት ይረድኣ እዩ። ጐይታ ብእግሩ እዩ መጺኡ። ገለዶ ንእግሩ ማይ ሂቦምዎ ተሓጺቡ ይኸውን፡ እንተዘይሕጸብከ ንማርያም እንታይ ለውጢ ምሃባ፡

ማርያም እዚ ኹሉ ከይዓጀባ፡ ነቲ ኣዝዩ ክቡር ቅዱይ ቅብኢ ናርዶስ ወሲዳ ነቲ ኣፍ ጥርሙዝ ክርትም ኣቢላ ሰበረቶ። እቲ ምስባር ዘስምዖ መልእኽቲ ስለ ዘለዎ እዩ። ከምቲ እቲ ጥርሙዝ ምስ ተሰብረ ዘለዎ ትሕዝቶ ኣብ እግሪ ጐይታ ዘፍሰሰ፡ ነቲ ሽቶ ከኣ ናብ ኣየር ዝበተነ፡ ከምኡ ድማ ብጐይታ ልባ ምስ ተሰብረ፡ ዘለዋ ዝኾነ ፍቕሪ ኣብ እግሩ ክትክዑ ደለየት። ወዮ ጥርሙዝ ምስ ተሰብረ እቲ ገዛ ብጨና ናይቲ ቅብኢ ተኣወደ። እቶም ሃዋርያት ነቲ ክቡር ሽቶ ጥራይ እዮም በፍንጭኦም ዘስተማቕርዎ፡ እቶም ገለገለ ፈሪሳዊ ባህርይ ዝነበሮም ድማ ንሓጢኣታ እዮም ዘሸተትዎ፡ ይሁዳ ድማ ነቲ ገንዘብ (ዋጋ ናይቲ ቅብኢ) እዩ ኣሸቲቱ። ጐይታ ግን ነቲ ፍቕራ ኣሽተቶ። ነቲ ፍቕራ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጢ እቲ ማርያም እትገብሮ ዘላ ተግባር ዘለዎ ዕላማ'ውን ኣሽቲትዎ እዩ። ጐይታ ኣዝዩ ደስ በሎ። ሰበይቲ ነእጋሩ ክምዝሓዘቶ እኳ ኣይተሰምየን።

*ከምቲ ካልኣት ዝገብርዎ ናይ ምሳሕ ወይ ናይ ድራር እንግዶት ከይትብል፡ ካብ ኣርባዕተ ሰዓታት ንላዕሊ ብዘየገልግል ስጋዊ መግቢ ዘይኮነስ ፍቓድ ኣቡኡ ብምግባር ዝዓግብ ጐይታ ምኺኑ ርእያቶ ኣላ።*

እቶም ዓይኖም ብንቖሑ ዒሮም ዝነበሩ ሃዋርያት ግን እዚ ተግባር እዚ ኣዝዩ ኣናደዶም። "ከመይ ዝበለ ክሳራ

እዩ፡" በሉ። ጐይታ ብዛዕባ ስግኡ ከም ዘይግደስ፡ ይትረፍ ክንድዚ ዝዋግኡ ቅብኣስ ተራ ዘይቲ እኳ ተለኺዩ ከም ዘይፈልጥ ስለ ዝፈልጡ፡ ማርያም ክንቲ ስራሕ ከም ዝሰርሐት ገሮም ተቖጥዕዋ። ማርያም ኣብ ልባ፡ እቲ ንጐይታ ዘሐጉስ ነቶም ሃዋርያቱ'ውን ከም ዘሐጉሶም ኣይተጠራጠረትን። እንተኾነ በቲ ንጐይታ ክተሐጉሶን ንርእሳ ክትሕጎስን ኢላ ዝገበረቶ፡ ሓያሎ ካብ ሃዋርያት ክቑጥዑ ምስ ረኣየት ቅዝዝ በለት። ልባ ድማ ኣዝዩ ክጉሂ ጀመረ። ጐይታ ግን ሓለፋ ኩሎም ጎሃየ። እቶም ሃዋርያቱ ኪኖ እቲ ቅብኢ ዘሎ ምስጢር ዘይምርኣዮም ኣጉሃዮ። ካብቲ ቅዱይ ቅብኢ ንላዕሊ ዝሸትት ዘሎ ፍቕራ ክሸትቱ ዘይምኽኣሎም፡ ብተራ ናይ ስጋ ናይ ምሽታት ህዋሳት ጥራይ ይምርሑ ምህላዎም ኣሕዘኖ። ልዕሊ ኹሉ ነታ ብመንፈስ ቅዱስ ልባ ዝተሰብረ ማርያም፡ ብኻልእ ንነፍሲ ዝጎድእ መስበርቲ ይሰብርዋ ምህላዎም ብዝያዳ ኣሕዘኖ።

ስለዚ ድማ ንገናሕታ ክገንሕ ጀመረ። ነቲ ንሳቶም ክሳራ ዝበልዎ፡ ዓብይ ረብሓ ምዃኑ ነገሮም። "ጽቡቕ ግብሪ ገይራትለይ ኣላ" በሎም። ንሱ ኣብ ውሽጢ ሕማቕ ነገር ጽቡቕ ነገር ክርእዩ፡ ካብ በላዒ ብልዒ ከውጽኡ ሓርይዎም ከብቅዕ፡ ኣብ ውሽጢ ጽቡቕ ሕማቕ ርእዮም ልቢ እታ መፍቀሪት በጊዑ ከይሰብሩ ብብርቱዕ ኣጠንቀቖም። ንሳቶም ኮኑ ካልኦት ሰባት ቅድሚ ሕጂ ዘይገበሩሉ፡ ብሕጂ'ውን ክገብሩሉ ዘይክእሉ ነገር ከም ዝገበረትሉ ክገልጸሎም ጀመረ። "ንቐብረይ ኮተዳልወኒ እያ ዝገበረቶ" በሎም። በዛ ዘረባ እዚኣ ይትረፍ ሃዋርያት፡ ማርያም ንርእሳ እኳ ከይሰምበደት ከም ዘይትተርፍ ፍሉጥ እዩ። ንሳ ጐይታኣ ክቕብኣላ ክምልክዓላ ክውቅበላ፡ ነቲ ስውር ፍቕራ ከኣ ክርድኣላ ኢላ እምበር፡ ንቐብሩ ኢላ ከም ዘይገበረቶ ርግጸኛ እያ። ጐይታ ከምዚ ምስ በለ ምናልባት ተጣዒሳ'ውን ትኸውን። ንሳ ዘይሓሰበቶ ንሱ ሓሲብዎ ምስ ረኣየት፡ "ጐይታ ብሕማቕ ተረዲኡኒ" ኢላ ከም እትፈርህ ዘይከሓድ እዩ። ንፍቕሪ ዝበለቶ ንቐብሪ ምስ ኮነ እንታይከ ዘየሰምብድ ኣለዋ። እንተኾነ ንቐብሪ ዝብል ሓሳብ'ውን ካብቲ ፍቕሪ ዝዓበየ እዩ ኔሩ። ሓሳባ ዘይኮነስ ሓሳብ ናይቲ ንክርስቶስ ክኽብር ዝመጸ መንፈስ ቅዱስ እዩ። እቲ ፈላጥ-ኩሉ ዝኾነ ጐይታ ግን፡ መንፈስ ቅዱስ ኣብቲ ዓሚቝ ሓሳባ ቀቢርዎ ንዝጸንሐ ክቡር ሓሳብ፡ ከምቲ ንሩስ ዓዳናይ ንኽቡር ማዕድን ካብ ውሽጢ መሬት ዘውጽኦ ጌሩ ኣውጺእዎ። ነታ ጽቡቕ ዝገበረትሉ ማርያም ግልጽ ኣቢሉ ኣርኣያ፡ ነቶም ኣብ ጽቡቕ ተግባር ጽቡቕ ሓሳብ ክርእዩ ዘይክእሉ ደቀ መዛሙርቲ ድማ ካልኣይን ዝዓበየን ጽቡቕ ኣርኣዮም። ንርእሱ ከኣ በቲ ድርብ ጽቡቕ ግብሪ ኣዝዩ ተሓጉሰ።

ለካ ንሳ ንጐይታ ዝኸውን ክቡር ቅብኢ ክትደሊ ከላ፡ መንፈስ ቅዱስ ንዓኣ ዝኸውን ክቡር ሓሳብ ይደሊ ነይሩ። ንሳ ንሒደት ሰዓታት ዝኸውን ቅብኣት

**ነዚ ክቡር መሲሕ፣**
**ነዚ ክቡር ክርስቶስ፣**
**ነዚ ክቡር ቅቡእ**
**ጐይታ፣ ኣዝዩ**
**ክቡርን ቅዱይን**
**ብዝኾነ ቅብኢ**
**እንተቐብኣቶ ዝሓሸ**
**ኮይኑ ተራእየ።**

ክትደሊ ከላ፣ መንፈስ ቅዱስ ድማ ክሳዕ ጐይታ ዝመጽእ ዝኸውን ቅብኣት ይቐብእ ነይሩ። ኦየ ክርስትና!! ንስኻ ንስኹ ክትቀብእ ከተዕቢ ከተምእዝ ትስርሕ ንሱ ከኣ ኣብ ውሽጥኻ ብቕዱስ ሓሳብን ብቕዱስ ራእይን ብቕዱስ ተግባርን ይቐብኣካ!! እዚ ማርያም ዝገበረቶ ንዘልኣለም፣ ወንጌል ኣብ ዝተሰብኮ ቦታ ኩሉ ንመዘከሪኣ ክንገር ከም ዝነብር ኣበሰራ። ማርያም እታ ብዙሕ ዘፍቀረትን ብዙሕ ጽቡቕ ዝገበረትን ሰብ ሕጂ የላን። ቅድሚ ክልተ ሽሕ ዓመት ኣቢሉ ናብ ጐይታኣ ተኣኪባ ኣላ። እቲ ንሳ ዝገበረቶ ግን ሕጂ እኳ መጽሄትና ተዘንትዎ ኣላ።

ጐይታ "ኣቐዲማ ንቐብረይ ስጋይ ቀብኣት" ዝበል፣ ንቐብሩ ደኣ ምስ ሞተ ዘይቅባእ፡ ኢልና ክንሓትት ዝግባእ እዩ። ጐይታ ዝሞተሉ ጊዜ ድሮ ሰንበት ኣይሁድ ስለ ዝኾነ ንምቕብኡ ዝኸውን ጊዜ ኣይነበረን። እቲ "ብሞቱ ግና ምስ ሃብታማት ኮነ" ዝበል ትንቢት ምእንቲ ክፍጸም፣ ኣቐዲሙ ብኽቡር ቅዱይ ቅብኢ ተቐቢኡ፣ ምስ ሞተ ድማ ብኽቡር በፍታ ተገኒዙ፣ ኣብ ክቡር እተወቕረ መቓብር ከኣ ተቐቢሩ።

ክቡር ኣንባቢ፣ ንጐይታ ዝኸውን ፍቕሪ ደኾን ይህልወካ፡ ብምንታይከ ምገለጽካዮ፡ ሓሳብካ ኣብ ናይ ኣምላኽ ናይ ሓሳብ መስመር ደኾን ገጢሙልካ ይፈልጥ ይኸውን፡ እቲ ብዙሕ ሓጢኣት ዝተሓድገሉ ብዙሕ ከም ዘፍቅር፣ ብዙሕ ምስ ኣፍቀረ ከኣ መሊሱ ብዙሕ ሓጢኣት ከም ዝሕደገሉ፣ ፍቕሪ ከኣ ብዝሒ ሓጢኣት ከም እትኸድን ትፈልጥዶ፡

ኣምላኽ ብዝግለጽ ፍቕሪ ይምላእካ/ኪ!!

# ህይወት ዘፍረየ ሞት



ካብ ሞት ዝኸፍእ ፍጻሜ ደኸን ክህሉ ይኽእል ይኸውን: "ሞት" ዝብል ቃል ክንሰምዕ ከሎና፡ ንልብና ማዕረ ክንደይ ከም ዘሰምብዶ ምርኣይ መዓልታዊ ተመክሮና እዩ። ንህይወትና ከጥፍእ ዝኽእል ሕማም ምስ እንሓምም፡ ወይ እውን ሞት ከስዕቡ ዝኽእሉ ሓደጋታት ምስ ዘንጸላልውና ነፍሰ-ስጋና ኣዝዩ እዩ ዝጭነቕ። "ካብ ከምዝስ ሞት ይሓይሽ" ክንብል ከም ዘይጸናሕና፡ ነቲ ሞት ዝበሃግናሉ ሰብ ሞት ክትቀርቦ ከላ፡ ገና ልብና ኣዝዩ እዩ ዝስምብድ። ብዛዕባ ሞት ምስማዕ ወይ ምርኣይ ዳርጋ መዓልታዊ ተርእዮ ክነሱ ሞት ከይሓደሰና ዝሓለፈሉ መዓልቲ የሎን። ንሞት ክለምዶ ዝኸኣለን ዝኽእልን ሰብ የለን። ኣብ ሞት ናይማቱ ምናልባት እንተለመደ ኣብ ናቱ ሞት ግን ክለምድ ኣይክእልን እዩ።

ብዛዕባ ሞት ክንድዚ ዝኣክል ክንዛረብ ዘድለየና፡ ነቲ ንሞትና ብህይወት ዝተክአ፡ ሞት ክርስቶስ ከም ዝግባእ ምእንቲ ክንስተውዕሎ እዩ። ክርስቶስ ስለ ኩልና መተካእታ (በጃ) ኮይኑ እንተ ዘይሞተልና፡ ሎሚ ብህሉዋትና ምውታት ኴንና ምንባር ምቐጸልና ኔርና። ክርስቶስ

ኣነ
ግና ብሰሪ ዝገንና ቀሰለ።
ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ

ብስጋ ስለ ዝሞተ፡ ስጋዊ ሞት ካብ ምሟት ዝተረፈ ሰብ የለን። እቲ ንክርስቶስ ክም መድሓኒኡን ጎይትኡን ዘይፈልጦን ዘይስዕቦን ሰብ፡ ብስጋ ብህይወት እንከሎ፡ ብመንፈሱ ምውት እዩ። ስለዚ ብኣካል ስጋ ክመውት ከሎ፡ እቲ ስጋዊ ሞት ናብ ዘልኣለማዊ ሞት ዘሰጋግሮ ዝኸፍአ ኣጋጣሚ ይኾኖ። እቲ ንክርስቶስ ክም ኣምላኹን መድሓኒኡን ዝፈልጦን ዝስዕቦን ሰብ ግን ኣብ ውሽጢ መዋቲ ስጋ ዝነብር ህያው ሰብ እዩ። እቲ ብስጋ ዝሞቶ ሞት ድማ ናብ ዘይሓልፍ ዘልኣለማዊ ህይወት ዘሰጋግር ጽቡቕ ድልድል ይኾኖ። እቶም ብስጋ ዝሞቱ ቅዱሳን፡ ሞቶም ብትኸስ ድቃስ ዝተመሰለሉ ምኽንያት ድማ፡ ናብ ዘልኣለማዊ ህይወት ስለ ዝነቕሑ እዩ። ስለዚ ሞት ክርስቶስ ንኹሞትና ዝግባእ ዘልኣለማዊ ሞት ዝተክአ ብምዃኑ፡ ኣመንቲ ህይወት ይረኽቡ (ዮሃ 12፡24 ሮሜ 6፡4 ገላ፡2፡20 2ቆረ፡5፡5)።

እቲ ንክርስቶስ ክም ኣምላኹን መድሓኒኡን ዝፈልጦን ዝስዕቦን ሰብ ግን ኣብ ውሽጢ መዋቲ ስጋ ዝነብር ህያው ሰብ እዩ።

## ኣቐዲሙ ብነብያት ዝተነግረሉ እዩ

ክርስቶስ ብሞቱ ዝፍጽሞ ተልእኾ ክም ዘለዎ፡ ስለዚ ክኣ ክመውት ምዃኑ ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ብብዝሒ ተጠቒሱ ኢና እንረኽቦ። ኣብ ሓደ ምዕራፍ ክበጽሕ ዓሊሙ ነይሩ ክነሱ ብዘይሓሰቦ ናይ ሞት ዕንቅፋት ዝተኾልፈ ሰብ ኣይኮነን። ነዚ ዘረድኡናን ዘረጋግጹልናን፡ ገና ክርስቶስ ክመውት ዝኽእል ስጋ ለቢሱ ቅድሚ ምምጽኡ፡ ቅድሚ ብዙሕ ኣማኢትን ኣሽሓትን ዓመታት ዝተነግሩን ዝተጻሕፉን ትንቢታት ኣለው። ክም ዝመውት ጥራይ ዘይኮነስ እቲ ኣገባብ ኣማውትኡ ከይተረፈ ብዝርዝር ተተንቲኑ ኢና እንርእዮ። እዚ ድማ እግዚኣብሄር ኣቦ ብጊዜ ክልካዕ ዘይክእል ጥንታዊ መደብ ክም ዝነበሮ ይገልጸልና። ስለዚ ድማ ክርስቶስን ሃዋርያቱን ነዚ ትንቢታት እዚ እናጠቐሱ ህያውነቱ የረጋግጹ ነበሩ (ኢሳ 53፡8፣ ዳን፡9፡26፣ ዘካ፡13፡7)።

ሞት ክርስቶስ ብጸላእቲ ዝተመደበ ዘይኮነስ ብፍቓድ ስላሴ ማለት ብፍቓድ እግዚአብሄር ኣቦን፣ እግዚአብሄር መንፈስ ቅዱስን፣ ብፍቓድ እግዚአብሄር ወልድ ባዕሉን ዝተፈጸመ እዩ። ሰይጣን ወይ ድማ ዝጸልእዎ ሰባት ስለ ዝጠለብዎ ዝተፈጸመ ፍጻሜ ኣይኮነን። ፍቕርን ጽድቅን ናይ ኣምላኽ፣ ስለ ድሕነት ሰባት ክብል ዝጠለቦን ዘጽደቖን ሞት እዩ (ኢሳ 53፡6-10፣ ግብ፡2፡23)። ስለዚ ከኣ እዩ ካብ ንኽሕዝዎ ዝተማኸሩላ ግዜ ጀሚሩ ክሳዕ እታ ናብ መቓብር ዝኣተወላ ግዜ ዘሎ ፍጻሜታት ኩሉ ቅድሚ ኣዝዩ ብዙሕ ዓመታት ብዝተፈላለዩ ነብያት ጌሩ እግዚአብሄር መንፈስ ቅዱስ ዝገለጸ።

## ኣገባብ ኣማውትኡ

ንሓደ ሞት ዝግብኦ ገበነኛ ብዝኾነ ዓይነት መንገዲ እንተቐተልካዮ፣ ዝግብኦ ስለ ዝኾነ ብዙሕ ኣየገርምን እዩ። ንሓደ ንጹህ ሰብ ግን፣ ይትረፍ ዓይነት ኣማውታ ክትመርጸሉስ፣ ኣፍካ ክትከፍተሉ እኳ ክንደይ ከቢድ ኣበሳ እዩ። እቲ ብኣበስኡ ዘይኮነስ ብኣበሳ ካልኣት ዝመውት ዘሎ ፍጹም ሰብ ዝኾነ ክርስቶስ ዝሞተሉ ኣማውታ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ኣብ ዕንጸይቲ፣ ሰብኣይ ምሉእ ኣንጠልጢሉ ክሕዝ ብዝኽእል ዓበይቲ ሽንካራት ጌርካ ምንጥልጣሉ ክንደይ ከቢድ እዩ። እዚ ሜላ እዚ፣ ሞት ዘቀላጥፍ ዘይኮነስ ንሞትካ ኣደናጉዩ ንስቓይካ ዘብዝሕ እዩ (ዘሁ፡21፡8፣ ማቴ፡27፡35፣ ማር፡15፡24፣ ሉቃ፡23፡33፣ ዮሃ፡3፡14)። ይትረፍ ዓብይ ሽንካር ኣብ ኢድ እግሪ ተሸንኪሩ ሓምሳ ሱሳ ኪሎ ዝኸውን ክብደት ክንጠልጥልሲ፣ እሾኽ ወይ መርፍእ ንጫፍ ኣጻብዕና ክትዕቀን ንዘይትኽእል ካልኢት ወጊኣትና እኳ ነፍሲ ስጋና ከመይ ከም ዝኸውን ምፍላጥ መዓልታዊ ተመክሮና እዩ።

እቲ ካልእ ኣዝዩ ዘሰቕቕ ኣብ ልዕሊኡ ዝበጽሐ ግፍዒ፣ ምሉእ መዓልቲ ክዳውንቲ ገፊፎም ዕራቑ ኣውጺኦም ምስቃሎም እዩ። ነቲ ብሰሪ ሓጢኣት ዝመጸ ዕርቃን ኣዳምን ሄዋንን ብደበሎ ዝኸደነ፣ ክሳዕ ሕጂ ከኣ ዝኸድን ዘሎ፣ ነቲ ንሰብ ሓሊፍዎስ ንምድሪ እኳ ብዘደንቕ ዕንባባ መሮር ካብ ክዳን ነገስታት ብዝበልጽ ጌሩ ዝኸድን ጐይታ፣ ክዳኑ ገፊፎም ዕርቃኑ ክሰቕልዎ ምርኣይ ዘይጽወር በደል እዩ። ንዓና ብጸጋ ምእንቲ ክሸፍን ንሱ ስሌና ዕርቃኑ ወጺኡ ምስቃሉ ኣማኒ ማዕረ ክንደይ ኮን የስተማቕሮ ይኸውን፤ ኣዳምን ሄዋንን ቅድሚ ሓጢኣት ምፍጻሞም፣ ብዓለባ ዘይኮነስ ብጸጋ ተሸፊኖም ካብ ነውርን ሕፍረትን ነጻ ኮይኖም ይነብሩ ነበሩ። ብድሕሪኡ እቶም ዘርኢ ኣዳም ዝኾንና ኩልና፣ ብዝኾነ ዓይነት ክዳን ነቲ ውሽጣዊ ዕራቕና ክንከድን ኣይከኣልናን። ተኸዲንና ምጒቕን ምምዕራግን ምስ ሰኣንና፣ እቲ ሓቀኛ ልብስና፣ እቲ ንደጋውን ውሽጣውን ኣካልና ካብ ሓጢኣት ክኸድን ዝኽእል ልብስና ምእንቲ ክንለብስ ብኢድ ዘይግዙራት ሰባት ዕራቑ ወጸ። ነብዪ ኢሳይያስ

"ከምቲ ኣኽሊል ኣብ ርእሱ ዝደፍአ መርዓዊ፡ ከምታ ብስልማት እተሰለመት መርዓት፡ እግዚኣብሄር ልብሲ ምድሓን ኣልቢሱኒ፡ ብመርገፍ ጽድቂውን ኣጎልቢቡኒ እዩ እሞ፡ ብእግዚኣብሄር ኣዝየ እሕጎስ፡ ነፍሰይ ብኣምላኸይ ባህ ይብላ ኣሎ" ከም ዝበለ፡ ንሕና ድማ ብድኽነቱ ክንህብትም፡ ብሞቱ ህይወት ክንረክብ፡ በቲ ዕርቃኑ ዝወጸሉ ግፍዒ ልብሲ ምድሓንን ጽድቅን ክንለብስ እንተዘይክኢልና፡ ዕጫና ምስቶም ክዳውንቱ ዝገፈፉ ከኸውን እዩ (ኢሳ፡61፡10 ኢሳ፡52፡1)። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ሓቂ እዚ ኣመልኪቱ "እታ ሓቂ ኣብ ኢየሱስ ከም ዘላ ሰሚዕኩምዋን ኣብኡ ተማሂርኩምዋን እንተ ኾንኩምሲ፡ ነቲ ቀደም እተመላለስኩምሉ፡ ብትምኒት ስሕተት ዝጠፍእ ኣረጊት ሰብ ቀንጢጥኩም፡ በቲ ናይ ኣእምሮኹም መንፈስ ክትሕደሱ እሞ፡ እቲ ብናይ ሓቂ ጽድቅን ቅድስናን ብመልክዕ ኣምላኽ ዝተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ልበሱ።" ብምባል ነቲ ክርስቶስ ዕራቑ ኮይኑ ብምስማር ተሸንኪሩ ኣብ ዕንጸይቲ ተንጠልጢሉሉ ዝወዓለ ዕላማ ኣብሪሁ ይገልጸልና (ኢፌ 4፡21-24)።

ክርስቶስ ኣብ ኢደ እግሩ ጥራይ ኣይኮነን ብበሊሕ ነገር ዝተወግአ። ካብኡ ብዝኸፍአ፡ ኣብ ርእሱ ኣኽሊል እሾኽ ሰሪሖም ከም ዝገበሩሉ ቃል ወንጌል ይገልጸልና እዩ። ኣብ ሓደ ከም ኣኽሊል ተጠቕሊሉ ዝተሰርሐ እሾኽ ኣዝዮም ብዙሓት ኣእጻኹ ከምዘለዎ ፍሉጥ እዩ። ኣብ ርእሱ ምግባር ጥራይ ከይኣኽሎም፡ ኣዝዩ ምእንቲ ክወግኦን ክሳቐዮን፡ ነቲ እሾኽ ኣብ ርእሱ ከሎ ብበትሪ ይወቕዕዎ ነበሩ። ነዚ ታሪኽ እዚ ክንሰምዕ ወይ ክነስተንትን ከሎና፡ ኣብ ትሕቲ ቆርበትና ዝንዝር ስቕቕታ ከምዝስመዓና ዘይክሓድ እዩ። ነዚ ምስትንታን እዚ ግን ሓዲግ ብዝኾነ ምድንጋጽ ጥራይ ክንድምድሞ፡ ኣብ ዓይኒ ኣምላኽ ኣይቅቡልን እዩ። "ንምንታይ እዚ ኹሉ ስቓይ፡" ኢልና ምስ ኣስተንተንና፡ ነቲ ዕላምኡ ኣብ መዕለቢኡ ክነብጽሖ ናይ ዕዳ ግድን እዩ። ክርስቶስ ነቲ ሰማያዊ ናይ ጽድቂ ኣኽሊሉ ገዲፉ፡ ናብዚ ምድሪ እዚ መጺኡ፡ ነዚ ናይ እሾኽ ኣኽሊል ዝደፍአ፡ ንሕና ነቲ ጠፊኡ ዝነበረ ኣኽሊል ህይወት ንኽንረኽቦ እዩ። እዚ ኣኽሊል እዚ ብዋዛ ዝርከብ ኣይኮነን። ክርስቶስ ብመከራ ከም ዝሞተ ብምሕሳብን ብምፍላጥን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንርእስኻ ነቲ ዝገጥመካ ፈተና ብትዕግስትን ብሓጎስን ክትጸወር ምስ ከኣልካ ዝርከብ ኣኽሊል እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ክሳዕ ዝኣኽሎ መከራ ምስ ጸገበ ግቡኡ ከኣ ምስ ፈጸመ እዩ፡ "ሰናይ ገድሊ ተጋዲለ፡ እቲ ጉያ ወዲአ፡ ነታ እምነት ሓልየ። ደጊምሲ ጐይታይ ንሱ እቲ ጻድቕ ፈራዲ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ዝህበኒ ኣኽሊል ተነቢሩለይ ኣሎ። እዚ ግና ነቶም ንምግሃዱ ዘፍቅሩ ኩላቶም እዩ እምበር ንዓይ ጥራይ ኣይኮነን" ክብል ዝደፈረ (2ጢሞ፡4፡7)። ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ኣኽሊሉ ርግጸኛ ንምዃን ዝበቕዐ፡ እቲ

ከም ወደ መዝሙር መጠን ንጐይታ ምስዓብ ዘስዓበሉ መስቀል ከም ግቡእ ንምጻር ስለ ዝበቕዐ እዩ (ሉቃ፡14፡25-27)። ብዛዕባ ካልኣት ኣመንቲ "ንቶም ንምግሃዱ ዘፍቅሩ ኩላቶም" ብምባል ኣኽሊል ንኹሉ ኣማኒ ከም ዝተዳለወ ይገልጸልና። እንተኾነ ንምግሃድ ናይ ክርስቶስ ዝናፍቕን ዘፍቅርን ሰብ፡ እቲ ብማእከል ፈተና ብትዕግስቲ እናሓለፈ ግቡኡ ንምፍጻም ዝበቕዐ ሰብ ጥራይ እዩ። ሃዋርያ ያእቆብ "ተፈቲኑ ምስ ወጸ፡ ነቲ እግዚኣብሄር ነቶም ዘፍቅርዎ ዘተስፈዎም ኣኽሊል ህይወት ክቕበል እዩ እሞ፡ እቲ ብፈተና ዝዕገስ ሰብኣይ ብጹእ እዩ።" ዘበሎ ድማ እዚ ዝጠቕስናዮ ሓቂ እዩ (ያእ፡1፡12)። እቲ ጐይታ ኣኽሊል እሾኽ ኣብ ርእሱ ደፊኡ ዘዳለወልና ኣኽሊል፡ ዘይጽምሉን ዘይሓልፍን ናይ ጽድቅን ህይወትን ኣኽሊል እዩ (1ጴጥ፡5፡4 ራእ፡2፡10 1ቆረ፡9፡24,25)። ኣኽሊል ምእንቲ ከይዝርፈካ ድማ፡ ኣጽኒዕካ ምሓዙ ከም ዘድሊ ቃሉ የጠንቅቐና እዩ (ራእ፡3፡11)።

ካብዚ ክንዝርዝሮ ዝጸናሕና ዘይንእስ ካልእ ከቢድ ግፍዒ እውን ኣብ ልዕሊኡ ተፈጺሙ እዩ። ኣብ ብርቱዕ ስቓይን ቃንዛን ንዘሎ ሰብ፡ ብርቱዕ ምጽንናዕን ተስፋን ድንጋጽን ዘድልዮ ክነሱ ንጐይታ ግን ብኣንጻሩ እዩ ተዋሂብዎ። ኣብ ኣበሃህላ ሕብረተሰብና "መልሓስ ዓጽሚ ዘይብላ ክንሳ ዓጽሚ ትሰብር" ዝብል ብሂል ኣሎ። ኣብ

> ካብ ፍጥረት ጀሚሩ ክሳዕ ምጽኣት ናይ ዘለው ሓጥኣን ሞት ተደሚሩ ክንዲ ናይ ክርስቶስ ሞት ኣይከውንን እዩ። ሞት ክርስቶስ ንዓለም ኣዝዩ ይበዝሓ እዩ።

ኣበሃህላ መጽሓፍ ቅዱስና ከኣ "ልሳን ሓዊ እያ... ንሳ ዘይትዓርፍ እከይቲ፡ ዝቐትል ሕንዚ ዝመልኣት እያ" ዝብል መግለጺ ይወሃባ (ያእ፡3፡6,8)። እምበኣር ጐይታ ግዳይ ናይቲ ምስማርን እሾኽን ጥራይ ዘይኮነስ ግዳይ ናይዛ ንብዘሎ ኣካል እተንድድን እትምርዝን ልሳንውን ኮይኑ እዩ። ኣብ ኢዶም ካብ ዝኣተወላ ህሞት ጀሚሮም፡ ካብ ኢዶም ብሞት ክሳዕ ዘምልጥ፡ ኣዝዩ ብዙሕን እኩይን ብዝኾነ ላግጽን ጸርፍን መርገምን ክሳቕይዎ ከም ዝወዓሉ ቃሉ ይነግረና። ንሕና በቲ ስጋ ዝኾነ ቃሉ ምእንቲ ክንሓዊ እዚ ኹሉ ክፉእ ቃላት ኣብ ልዕሊኡ ወሪዱ። ንሱ ነቲ ኣባና ክወርድ ዝግብኦ መሪር ቃላት ካብ ተቐበሎ፡ ንሕና ድማ ካብቲ ቅዱስ ልሳኑ ዝወጸ ህይወት ዝህብ ቃሉ ኣብ ልብና ክንቕበሎ ናይ ግድን እዩ። እንተዘይኮነ እቲ

ዘምለጥናሉን ዝሓለፈናን መዓት ክምለሰና እዩ።

## ምኽንያት ሞቱ

ሞት ክርስቶስ ኣዝዩ ከቢድ ሞት እዩ። ካብ ፍጥረት ጀሚሩ ክሳዕ ምጽኣት ናይ ዘለው ሓጥኣን ሞት ተደሚሩ ክንዲ ናይ ክርስቶስ ሞት ኣይከውንን እዩ። ሞት ክርስቶስ ንዓለም ኣዝዩ ይበዝሓ

**ኣኽሊል ህይወት ንኹሉ ኣማኒ እዩ ተዳልዩ። እንተኾነ ነቲ ንምጣሃድ ናይ ክርስቶስ ዝናፍቕን ዘፍቅርን ሰብ፡ ነቲ ብማእከል ፈተና ብትዕግስቲ እናሓለፈ ግቡኡ ንምፍጻም ዝበቕዐ ሰብ ጥራይ እዩ ዝወሃብ።**

እዩ። ከምቲ ጳውሎስ ዝበሎ፡ ኣብቲ ኣበሳ ዝበዝሐ ኣብኡ ሞት ኣዝዩ ኣዝዩ ዓዘዘ (ሮሜ፡5፡15-21)። ክርስቶስ ንኽመውት እቶም ቀንዲ ዝኾኑ ምኽንያታት ፍቕርን ፍትሕን ናይ ኣምላኽ እዮም።

## ሀ. ፍቕሪ ኣምላኽ

ኣምላኽ ብባህርዩ ፈቃር ኣምላኽ እዩ። ፍቕሪ ገንዘቡ እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ሃዋርያ ዮሃንስ ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ ዝበለ። ጐይታ ባዕሉን ሃዋርያቱን ብዛዕባ ፍቕሪ ዝገለጽዎ ነገር ልዕሊ እቲ ኣእምሮ ክበጽሖ ዝኽእል እዩ። እግዚኣብሄር ኣቦ ካብቲ ኑቶም ብምስሉ ዝተፈጠርና ሰባት ዘለዎ ፍቕሪ ዝተላዕለ ነቲ ኣዝዩ ዘፍቅሮ ውላዱ ሓጢኣትና ክጸውር ኣሕሊፉ ሂብዎ። ሞት ሓደ ሓጥእ ስለ ዘይፈቱ፡ ነቲ ሓጢኣት ዘይፈቱን ዘይብሉን ወዱ ካብ ሰማያዊ ክብሪ ናብ ምድራዊ ውርደት መጥይዎ። ሃዋርያ ዮሃንስ ኣብ ወንጌሉ "ኣምላኽ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኩሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር ከይጠፍእሲ፡ ንሓደ ወዱ በጃ ክሳዕ ዝህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ" ብምባል ክገልጽ ከሎ፡ ኣብ መልእኽቱ ድማ "ርኣዩ፡ ውሉድ ኣምላኽ ክንበሃል እቲ ኣቦ ከመይ ዝበለ ፍቕሪ ሃበና፡ ከምኡ እውን ኢና።" ብምባል ነቲ ሕሉፍ ፍቕሪ ኣምላኽ ክገልጾ ፈቲኑ (ዮሃ፡3፡16 1ዮሃ፡3፡1)። እግዚኣብሄር ብሽምዚ ዝበለ ፍቕሪ ዘፍቀረና፡ ገና ሓጥኣንን ጸላእቱን ከለና እዩ

(ሮሜ፡5፡6,10)። እዚ ድማ እዩ ንፍቕሩ ፍሉይ ትርጉም ዘልብሶ። ምኽንያቱ ምእንቲ ፈተውቱ ዝመውት ክይስኣን ይኽእል እዩ። ምእንቲ ጸላእቱ ዝመውት ግን ብዘይካ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ካልእ ከቶ ኣይተረኽበን (ሮሜ፡5፡7,8)። እቲ ዝለዓለ ፍቕሩ ዝገለጸልና ድማ፡ እቲ ናትና ዓመጻን ሓጢኣትን ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን እዩ። ኣብ መስቀል ሰቒሎም መጺጽ እናስተይዎን እናላገጹሉን ከለው ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ይቕረ በሎም ብምባል ለመነ (ሉቃ፡23፡34) ካብዚ ንላዕሊ እንታይ ዓይነት ፍቕሪ ክህሉ ምተኻእለ። ብኽምዚ ዝዓይነቱ ፍቕሪ እንተዘይዕረቐና ተስፋ ወዲ ሰብ እንታይ ምኾነ፧

## ለ፡ ፍትሒ ኣምላኽ

እግዚኣብሄር ግን መፍቀሪ ጥራይ ኣይኮነን። እቲ ካልእን ማዕሪኡን ዝኾነ ባህርዩ ድማ ፍትሓዊ ኣምላኽ ምዃኑ እዩ። ሽሕ እንተፍቀረ ነቲ ሓጥእ ከም ንጹህ ክርእዮ ኣይኮነሉን እዩ (ዘጸ፡34፡6-7)። ስለዚ ድማ እዩ "ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ" ኢሉ ዝኣወጀ። ንሓጢኣት ግቡእ ዋግኡ ዝሃበሉ ምኽንያት እምበኣር ፍትሓውነቱ እዩ። እንተኾነ እቲ ፍትሓዊ ባህርዩ ነቲ መፍቀሪ ባህርዩ ኣይዓግቶን እዩ። ብዝያዳ ንፍቕሩ ዘንጸባርቐሉ ሓደን እንኮን መንገዲ ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራሕ ስለዝኾነ ነዚ ሓደ ወዱ ኢየሱስ መልክዕ ባርያ ወሲዱ ብምስሊ ሓጢኣተኛ ስጋ ተገሊጹ፡ ብመስቀል ሞቱ ክብጀወና እታ እንኮ መግለጺት ናይቲ ደረት ዘይብሉ ፍቕሪ ኣምላኽ ኮይና ተረኽበት። ስለዚ ድማ ብብርቱዕ ሓጎስን ፍቕርን ርእሱ በጃ ሃበ። ነብዩ ኢሳይያስ ነዚ ክገልጽ ከሎ "ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ጸሮ፡ ንስቓይና ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ፡ ንሕና ግና ከም እተወቕዐን ብእግዚኣብሄር ከም ዝተቐዝፈን ከም ዝተዋረደን ገርና ኣቚጸርናዮ። ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቆሰለ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብሲ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕና እውን ብስምብራቱ ሓዌና፡ ኩላትና ከም ኣባጊዕ ተባረርና፡ ነፍሲ ወከፍ ናብ መንገዱ ዘምበለ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኣበሳ ኩላትና ኣብኡ ኣውደቖ።" ብምባል የብርሃልና (ኢሳ፡53፡4-6)።

ይቕጽል

**ክሳዕ ሞት እሙን ኩን እሞ ኣኽሊል ህይወት ክህበካ እየ**

